# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

### ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

### የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 26 ዓመት ቑ. 5 መቐለ 314/2011ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፀ

26ኛ ዓመት ቁ. 5 መቐለ 314/2011ዓ/ም


## ቑፅሪ ኣዋጅ 314/2011ዓ.ም

## ዝተመሓየሸ ኣዋጅ ሰራሕተኛ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ-ዕዮ ኣብ መሰል፣ ግቡእን ጥቕማጥቕምን ሰራሕተኛ መንግስቲ ዘጋጥም ዝነበረ ፀገም ምፍታሕን ብሕጊ ምውሳንን ኣድላይ ብምኳኑ፣

ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛ መንግስቲ ሜሪት መሰረት ዝገበረን ዝበለፀ ፍትሓዊ ክኸውን ምግባርን ኣድላይ ኮይኑ ብምርካቡ፣ ብብርኪ ክልል ስርዓት መረጋገፂ ብቕዓት ሞያን ስራሕን ብምዝርጋሕ፣ ሰራሕተኛ መንግስቲ በዚ ስርዓት ክሓልፍ ብምግባር ብዝሑነት ዘረጋገፀ፣ ዝምዝገብ ዘሎ ዕብየት ንምቕፃል ዘኽእል ሲቪል ሰርቪስ ብምህናፅ ብመማሓየሺ ፕሮግራም ስቪል ሰርቪስ ኣብ ኣመራርሓ ስራሕ ሓይሊ ሰብ ዝመፀ ውፅኢት ንምትልባትን ምቕፃልን ዘኽእል ሕጊ ምውፃእ ኣድላይ ብምኳኑ፣

ሰራሕተኛ መንግስቲ ብኣግባቡ ንምምራሕን ፍልጠቱን ክእለቱን ምጥቃም ዘኽእል ኣተሓሳስባ መገልገላይነት ክህሉ ብምግባር ንሕብረተሰብ ፍትሓዊ፣ ስሉጥን ውፅኢታውን ግልጋሎት ምሃብ

## አዋጅ ቁጥር 314/2011ዓ.ም

## የተሻሻለው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት የመንግስት ሰራተኛ አዋጅ

በመንግስት መስሪያ ቤቶች በመንግስት ሰራተኛ መብት፣ ግዴታና ጥቅማጥቅም ሲያጋጥም የነበረ ችግር መፍታትና በህግ መወሰን አስፈላጊ በመሆኑ፣

የመንግስት ሰራተኛ የምልመላና መረጣ አካሄድ ሜሪት መሰረት ያደረገና የበለጠ ፍትሓዊ እንዲሆን ማድረግ አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣ በክልል ደረጃ የሙያና የስራ ብቃት ማረጋገጫ ስርዓት በመዘርጋት፣ የመንግስት ሰራተኛው በዚህ ስርዓት እንዲያልፍ በማድረግ ብዝሀነት ያረጋገጠና እየተመዘገበ ያለው እድገት ለማስቀጠል የሚያስችል ሲቪል ሰርቪስ በመገንባትና የሲቪል ሰርቪስ ማሻሻያ ፕሮግራም በሰው ሃብት ስራ አመራር የመጣ ውጤት ለማጎልበትና ለማስቀጠል የሚያስችል ሕግ ማውጣት አስፈላጊ በመሆኑ፣

የመንግስት ሰራተኛ በአግባቡ ለመምራትና እውቀቱና ችሎታው መጠቀም የሚያስችል የአገልጋይነት አስተሳሰብ እንዲኖር በማድረግ ለህብረተሰብ ፍትሃዊ፣ ፈጣንና ውጤታማ

ኣድላዪ ብምዃኑ፣

ኣብ ስራሕ ዝነበረ ኣዋጅ ኣብ ተግባር ዘጋጥም ዝነበረ ፀገም ምፍታሕ፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣዋጅ ዝነበረ ሕጊ ምምሕዳር ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ ሓደ ኣዋጅ ምውዳብ፣ ኣዋጅ ሰራሕተኛ መንግስቲ ክልልና ምስ ኣዋጅ ሰራሕተኛ መንግስቲ ፌደራል ምጥዕዓም ኣድላዪ ኮይኑ ብምርካቡ፣

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ተመሓይሹ ዝወፀ ሕገ-መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49(3)(ሀ) እዚ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ

**ዓንቀፅ1.ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ "ዝተመሓየሸ ኣዋጅ ሰራሕተኛ መንግስቲ ክልል ትግራይ" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 2.ትርጉም**

ኣብዚ ኣዋጅ፥

1."ሰራሕተኛ መንግስቲ" ማለት ኣብ ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ክልል ብቐዋምነት ተቖፂሩ ዝሰርሕ ተፈጥራዊ ሰብ እዩ። ኾይኑ ግና ብዘይካ ኣብ ወሊድ ዕረፍቲ ንዝስዕቡ ኣይሓውስን፦

ሀ.መራሒ ስራሕ፣ ምኽትል መራሒ ስራሕ ቤት ፅዮን ካልኦት ተሸወምቲ መንግስትን፣

ለ.ዳይናን ዓቃቢ ሕግን፣

ሐ.ኣባላት ፖሊስን ካልእ ብፍሉይ ደንቢ ዝመሓደር ሰራሕተኛን፣

መ.ኣግባብ ብዘለዎ ካልእ ሕጊ በዚ ኣዋጅ ንከይሽፈን ዝተገበረ ሰራሕተኛን፣



አገልግሎት መስጠት አስፈላጊ በመሆኑ፣

በስራ ላይ የነበረው አዋጅ በተግባር ያጋጥም የነበረውን ችግር መፍታት፣ በተለያዩ አዋጅ የነበረው የመንግስት ሰራተኛ አስተዳደር ህግ በአንድ አዋጅ ማደራጀት፣ የክልል የመንግስት ሰራሕተኛ አዋጅ ከፌደራል የመንግስት ሰራተኛ አዋጅ ጋር ማጣጣም አስፈላጊ ሆኖ በመገኘቱ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ-መንግስት አንቀፅ 49(3)(ሀ) መሰረት ይህን አዋጅ አውጥቷል።

## ክፍል አንድ

## ጠቅላላ

**አንቀፅ 1.አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ "የተሻሻለው የትግራይ ክልል የመንግስት ሰራተኛ" ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**ዓንቀፅ 2.ትርጉም**

በዚህ አዋጅ፦

1."የመንግስት ሰራተኛ" ማለት በክልሉ መንግስት መስሪያ ቤት በቋሚነት ተቀጥሮ የሚሰራ የተፈጥሮ ሰው ነው። ሆኖም ከወሊድ እረፍት በስተቀር የሚከተሉትን ኣይጨምርም፦

ሀ.የመንግሰት መስሪያ ቤት የስራ መሪ፣ ምክትል የስራ መሪና ሌሎች የመንግስት ተሿሚዎች፣

ለ.ዳኛና ዓቃቤ ሕግ፣

ሐ.የፖሊስ ኣባትና በልዩ ደንብ የሚተዳደር ሌላ ሰራተኛ፣

መ.አግባብ ባለው ሌላ ሕግ በዚህ አዋጅ እንዳይሸፈን የተደረገ ሰራተኛ፣

ረ.ኣብዚ ዓንቀፅ ካብ ፊደል "ሀ" ክሳብ "መ" ዝተደንገጉ እዙይ ኣዋጅ ካብ ዝፀደቐሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ብዛዕባ ወሊድ ዕረፍቲ ናይ ባዕሎም ደንቢ ከውፅኡ ኣለዎም።

2."**ጊዜያዊ ሰራሕተኛ**" ማለት ኣብ ቤት ፅዮ መንግስቲ ዘላቒ ባህሪ ዘይብሉ ስራሕ ወይ ኩነታት እንተገድድ ኣብ ቐዋሚ መደብ ስራሕ ወይ ብዘሎ ሰራሕተኛ ክሽፈን ዘይከኣለ ስራሕ ንምስራሕ ብግዚያውነት ተቖፂሩ ዝሰርሕ ተፈጥሯዊ ሰብ እዩ። ኮይኑ ግና ዝስዕቡ ኣይሓውስን፦

ሀ.ብመዓልታዊ ክፍሊት እንዳተኸፈሎ ዝሰርሕ መዓልታዊ ሰራሕተኛ፣

ለ.ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ ንሞያ መልመዲ ወይ ንተግባር ስልጠና ዝተመደበ ሰብ፣

ሐ.ናይ ባዕሉ ንግዲ ትካል ሃልይዎ ምስ መንግስታዊ ቤት ፅዮ ብዝኣተዎ ውዕሊ ዋጋ እናተኸፈሎ ዝሰርሕ ሰብ፣

መ.ብምኽንያት ዘለዎ ፍሉይ ፍልጠትን ክእለትን ምስ መንግስታዊ ቤት ፅዮ ብዝኣተዎ ውዕሊ ዋጋ እንዳተኸፈሎ ብትርፊ ጊዚኡ ዝሰርሕ በዓል ሞያ፣

3."**መንግስታዊ ቤት ፅዮ**" ማለት ኣብ ዝኾነ ብርኪ ምምሕዳር ዓርሱ ክኢሉ ብኣዋጅ ዝተጣየሸን ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ካብ መንግስቲ ብዝምደብ በጀት ዝመሓደር እዩ።

4."**መራሒ ስራሕ**" ማለት ንመግስታዊ ቤት ፅዮ ብሹመት ብላዕለዋይነት ዝመርሕ ወይ ምክትል እዩ።



ረ.በዚህ አንቀፅ ከፊደል "ሀ" እስከ "መ" የተደነገጉ በዚ አዋጅ ከፀደቀበት ዕለት ጀምሮ በስድስት ወር ውስጥ ስለ ወሊድ ዕረፍት የራሳቸው ደንብ መውጣት አለባቸው።

2."**ጊዜያዊ ሰራተኛ**" ማለት በመንግስት መስሪያ ቤት የዘላቂነት ባህሪ የሌለው ስራ ወይም ሁኔታ ሲያስገድድ በቋሚ የስራ መደብ ላይ ወይም ባለው ሰራተኛ ሊሸፈን ያልተቻለ ስራ ለመስራት በጊዜያዊነት ተቀጥሮ የሚሰራ ተፈጥራዊ ሰው ነው። ሆኖም የሚከተሉትን አይጨምርም፦

ሀ.በቀን ሂሳብ እየተከፈለው የሚሰራ የቀን ሰራተኛ፣

ለ.በመንግስት መስሪያ ቤት ለሙያ መለማመጃ ወይም ለተግባር ስልጠና የተመደበ ሰው፣

ሐ.ከመንግስት መስሪያ ቤት ጋር በገባው ውል ዋጋ እየተከፈለው በራሱ የንግድ ስራ ወይም የሙያ ሓላፊነት የሚሰራ ሰው፣

መ.ባለው ልዩ እውቀትና ችሎታ ምክንያት ከመንግስት መስሪያ ቤት ጋር በገባው ውል ዋጋ እየተከፈለው በትርፍ ጊዜው የሚሰራ ባለ ሙያ፣

3."**የመንግስት መስሪያ ቤት**" ማለት በማንኛውም የአስተዳደር እርከን ደረጃ ራሱን ችሎ በአዋጅ የተቋቋመና ሙሉ በሙሉ ወይም በከፊል ከመንግስት በሚመደብ በጀት የሚተዳደር ነው።

4."**የስራ መሪ**" ማለት የመንግስት መስሪያ ቤትን በሹመት በላይነት የሚመራ ወይም ምክትል ነው።

5."ክልል" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

6."ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ" ማለት ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ክልል እዩ።

7."ቢሮን ሓለፊ ቢሮን" ማለት ብቐደም ሰዓብ ቢሮ ሲቪል ሰርቪስ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ሓላፊ ቢሮ እዩ።

8."መደብ ስራሕ" ማለት ብሓደ ሰራሕተኛ መንግስቲ ሙሉእ ናይ ስራሕ ጊዜ ንኽፍፀም ስልጣን ብዘለዎ ኣካል ዝተዋሃበ ተግባርን ሓላፍነትን እዩ።

9."መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ" ማለት ተቐባልነት ብዝረኸበ ኣፈፃፅማ ስራሕ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ዘምፅእ፣ ኣብ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ኣሰራርሓ ዝተመስረተ ሓዱሽ ስርዓት ኣሰራርሓ እዩ።

10."ስርዓት መረጋገፂ ብቕዓት" ማለት ሰራሕተኛ መንግስቲ ወይ ሓዱሽ ተቖፃሪ ኣብ ዝተመደበሉ ወይ ዝተቖፀረሉ መደብ ስራሕ ብቑዕ ምዃኑ ዝረጋገፀሉ ስርዓት እዩ።

11."ብርኪ ዕብየት" ማለት ሰራሕተኛ መንግስቲ ካብ ዝተሓተ ብርኪ ስራሕ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ስራሕ ምዕባይ እዩ።

12."መረዳእታ ሕክምና" ማለት ኣብዚ ክልል ወይ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ወይ ኣብ ወፃኢ ዓዲ ኣግባብ ካብ ዘለዎ በዓል መዚ ወይ ሕጋዊ ፍቓድ ካብ ዘለዎ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካል ጥዕና ዝውሃብ ወይ ትኽክል ምዃኑ ኣግባብ ካብ ዘለዎ በዓል መዚ ወይ ትካል ጥዕና ዝተረጋገፀ

5."ክልል" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ነው።

6."የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት" ማለት የክልል የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ነው።

7."ቢሮና የቢሮ ሃላፊ" ማለት በቅደም ተከተል የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ሲቪል ሰርቪስ ቢሮና የቢሮ ሃላፊ ነው።

8."የስራ መደብ" ማለት በአንድ የመንግስት ሰራተኛ ሙሉ የስራ ጊዜ እንዲከናወን ስልጣን ባለው ኣካል የተሰጠ ተግባርና ኃላፊነት ነው።

9."መሰረታዊ የስራ ሂደት ለውጥ" ማለት ተቀባይነት ባገኙ የስራ ኣፈፃፀም የአፈፃፀም ውጤት የሚያስገኝ በመሰረታዊ ለውጥና የስራ ሂደት የተመሰረተ አዲስ የአሰራር ስርአት ነው።

10."የብቃት ማረጋገጫ ስርዓት" ማለት የመንግስት ሰራተኛ ወይም አዲስ ተቀጣሪ ስለተመደበበት ወይም ስለተቀጠረበት የስራ መደብ ብቁ መሆኑን የሚረጋገጥበት ስርአት ነው።

11."የደረጃ እድገት" ማለት የመንግስት ሰራተኛ ከዝቅተኛ የስራ ደረጃ ከፍ ወዳለ የስራ ደረጃ ማሳደግ ነው።

12."የሕክምና ማስረጃ" ማለት በክልሉ ወይ በሀገር ውስጥ ወይም በውጪ ሃገር አግባብ ካለው ባለ ስልጣን ወይም ፈቃድ ካለው መንግስታዊና መንግስታዊ ያልሆነ የጤና ተቋም የሚሰጥ ወይም ትክክለኛ መሆኑ አግባብ ካለው ባለስልጣን ወይም የህክምና ተቋም

ብዛዕባ ጥዕናን ፍቓድ ሕማምን ሰራሕተኛ መንግስቲ ዝውሃብ መረዳእታ እዩ።

13."መሃያ" ማለት ኣብ ሓደ ብርኪ ስራሕ ንዝተመደቡ ስራሕቲ ዝተወሰነ መበገሲ ክፍሊት ወይ ክፍሊት እርከን እዩ።

14."ኩነታት ስራሕ" ማለት ኣብ ሞንጎ ቤት ፅዮ መንግስትን ሰራሕተኛ መንግስትን ዘሎ ሓፈሻዊ ርክብ ስራሕ ኾይኑ ሰዓት ስራሕ፣ መሃያ፣ ዝተፈላለየ ፍቓድ፣ ድሕንነት ከባቢ ስራሕን ጥዕናን፣ ሰራሕተኛ መንግስቲ ካብ ስራሕ ዝንከየሉ፣ ኩነታት ክፍሊት፣ ኣፈፃፅማ ዲስፕሊንን ስነ ስርዓት ኣቐራርባን ጥርዓንን ዝመሳሰሉ የጠቓልል።

15."ድልድል" ማለት ሓደ ሰራሕተኛ መንግስቲ ብተመሳሳሊ ብርክን መሃያን ወይ ዝለዓለ ብርክን መሃያን ወይ ብስምምዕነት ሰራሕተኛ ኣብ ዝተሓተ ብርኪ መዲብካ ምስራሕ እዩ።

16."ቤት ፅሕፈት" ማለት ቤት ፅሕፈት ሲቪል ሰርቪስ ወረዳ ወይ ከተማ ወይ ክፍለ ከተማ እዩ።

17."ኣብ ስራሕ ዝበፅሕ ጉድኣት" ማለት ኣብ ስራሕ ዝበፅሕ ሓደጋ ወይ ብምኽንያት ስራሕ ዝመፅእ ሕማም እዩ።

18."ቕርታ" ማለት ሰራሕተኛ መንግስቲ ቅርታ እንተጋጥሞ ምስ ቀረባ ሓላፊ ወይ ምስ ዝምልከቶ ላዕለዋይ ሓላፊ ኣብ ዝግበር ምይይጥ ክፍታሕ ዘይከኣለ ብስሩዕ ከይዲ ምዕራይ መልሲ ክረክብ ዝግባኡ ጥርዓን እዩ።

19."ምምሕዳር ቤት ፍርዲ" ማለት ብኣብያተ ፅዮን ሰራሕተኛ መንግስትን ዝመፅእ ብይግበኣኒ

የተረጋገጠ፣ ስለ መንግስት ሰራተኛው የጤናና የሕመም ፈቃድ የሚሰጥ ማስረጃ ነው።

13."ደመወዝ" ማለት በአንድ የስራ ደረጃ ለተመደቡ ስራዎች የተወሰነ መነሻ ክፍያ ወይም የእርከን ክፍያ ነው።

14."የስራ ሁኔታ" ማለት በመንግስት መስሪያ ቤት እና በመንግስት ሰራተኛው መካከል ያለ ጠቅላላ የስራ ግኑኘነት ሆኖ የስራ ሰዓት፣ ደመወዝ፣ ልዩ ልዩ ፈቃድ፣ የስራ አከባቢ ጤንነትና ደህንነት የመንግስት ሰራተኛ ከስራ የሚቀነስበት፣ የዲስፕሊን አፈፃፀምና የቅሬታ አቀራረብ ስነ ስርዓት እና የመሳሰሉት ያጠቃልላል።

15."ድልድል" ማለት አንድ የመንግስት ሰራተኛ በተመሳሳይ ደረጃና ደመወዝ ወይም ከፍ ያለ ደረጃና ደመወዝ ወይም በሰራተኛው ስምምነት ዝቅ ወደ አለ ደረጃ መድቦ ማሰራት ነው።

16."ፅሕፈት ቤት" ማለት የወረዳ ወይ ከተማ ወይ ክፍለ ከተማ ሲቪል ሰርቪስ ፅሕፈት ቤት ነው።

17."በስራ ላይ የሚደርስ ጉዳት" ማለት በስራ ላይ የሚደርስ አደጋ ወይም በስራ ምክንያት የሚመጣ በሽታ ነው።

18."ቅሬታ" ማለት የመንግስት ሠራተኛ ቅሬታ ሲያጋጥመው ከቅርብ ኃላፊ ወይም ከሚመለከተው የበላይ ኃላፊ በሚደረገው ውይይት ሊፈታ ያልቻለ በመደበኛ የማጣራት ሂደት ምላሽ ሊያገኝ የሚገባው አቤቱታ ነው።

19."የአስተዳደር ፍርድ ቤት" ማለት በመንግስታዊ መስሪያ ቤቶችና ሰራተኞች

ዝቐርብ ዋኒን ክርኢ ስልጣን ዝተውሃቦ ቤት ፍርዲ እዩ።

20."*ስጉምቲ ዲስፕሊን*" ማለት ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ እዚ ኣዋጅ ወይ ነዚ ኣዋጅ ንምፍፃም ዝወፅእ ደንብን መምርሕን ወይ ደንቢ ስነ ምግባር ብምትሕልላፍ ንዘብፅሖ ጥፍኣት ዝውሰንሉ ቕፅዓት እዩ።

21."*ግዚያዊ ኮሚቴ ዲስፕሊን*" ማለት ብጥፍኣት ዲስፕሊን ዝተኸሰሰ ሰራሕተኛ መንግስቲ ፈፂምዎ ዝተብሃለ ጥፍኣት ንምፅራይ ዝጣየሽ ጊዜያዊ ኮሚቴ ዲስፕሊን እዩ።

22."**ቑፃር**" ማለት ክፍቲ መደብ ስራሕ ዝሓቶ ክእለት፣ ብቕዓትን ፍልጠትን ዘለዎም ሰራሕተኛታት ብምዕዳም ብውድድር ሰራሕተኛ ምቑፃር እዩ።

23."*ሜሪት*" ማለት ኣብ መንጎ መመልከቲ ደለይቲ ስራሕ ብዘይኣፈላላይ ግልፅን ፍትሓውን ብዝኾነ ኣግባብ ብቕዓት መሰረት ብምግባር ሰራሕተኛታት ምምልማልን ምምራፅን እዩ።

24."*ፆታዊ ትንኮሳ*" ማለት ኣብ ስራሕ ቦታ ዝፍፀም ኮይኑ ካብ ድሌት ካልእ ወገን ወፃኢ ዝቐርብ ወሲባዊ ሓሳብ ወይ ወሲባዊ ሕቶ ወይ ወሲባዊ ተፈጥሮ ዘለዎ ቓላዊ ወይ ኣካላዊ ዘረባን ምንኽኻእን ተግባር ኾይኑ ዝስዕብ ይሓውስ፣

ሀ.ካብቲ ካልእ ወገን ፍቃድ ወፃኢ ምስዓም፣ ምድህሳስ ኣካል ሰብነት ተግባር እዩ፣

ለ.ወሲብ ተንከፍ ብዝኾነ ኩነት ንተጠቃዒ ምክትታል ወይ ምንቅስቃሱ ምድራት፣

በይግባኝ የሚቀርቡ ጉዳዮች እንዲያይ ስልጣን የተሰጠው ፍርድ ቤት ነው።

20."*የዲስፕሊን እርምጃ*" ማለት ማንኛውም የመንግስት ሰራተኛ ይህንን አዋጅ ወይም አዋጁን ለማስፈፀም የሚወጣ ደንብና መመሪያ ወይም የስነ-ምግባር ደንብ በመተላለፍ ለሚያደርሰው ጥፋት የሚወሰንበት ቅጣት ነው።

21."*ጊዜያዊ የዲስፕሊን ኮሚቴ*" ማለት በዲስፕሊን ጥፋት የተከሰሰ የመንግስት ሰራተኛ ፈፅሞታል የተባለ የዲስፕሊን ጥፋት እንዲያጣራ የሚቋቋም ጊዚያዊ የዲስፕሊን ኮሚቴ ነው።

22."**ቅጥር**" ማለት ክፍት የስራ መደብ የሚጠይቀው ችሎታ፣ ብቃትና እውቀት ያላቸው ሰራተኞች በመጋበዝ በውድድር ሰራተኛ መቅጠር ነው።

23."*ሜሪት*" ማለት በስራ ፈላጊ አመልካቶች መካከል ያለ ልዩነት ግልፅና ፍትሃዊ በሆነ አግባብ ብቃት መሰረት በማድረግ ሰራተኞች መመልመልና መምረጥ ነው።

24."*ፆታዊ ትንኮሳ*" ማለት በስራ ቦታ የሚፈፀም ሆኖ ከሌላ ወገን ፈቃድ ውጪ የሚቀርብ የወሲብ ሃሳብ ወይም ወሲባዊ ጥያቄ ወይም ወሲባዊ ተፈጥሮ ያለው የቃል ወይም የአካል ንግግር ወይም ንኪኪ ተግባር ሆኖ የሚከተለው ያካትታል፣

ሀ.ከሌላው ወገን ፈቃድ ውጪ መሳም፣ የሰውነት አካል መዳሰስ ተግባር ነው፣

ለ.ወሲብ አዘል በሆነ ሁኔታ ተጠቂውን መከታተል ወይም እንቅስቃሴውን መገደብ፣

ሐ.ንቑፃር፣ ንብርኪ ዕቤት፣ ንዝውውር፣ ንድልድል፣ ንስልጠና፣ ትምህርቲ፣ ንጥቕማጥቕሚ ወይ ዝኾነ ተግባር ኣመራርሓ ስራሕ ሓይሊ ሰብ ንምፍፃም ወይ ንምፍቃድ ወሲብ ከም ቅድመ ኩነት ምቅማጥ።

ዓንቀፅ 3.ኣገላልፃ ፆታ

ኣብዚ ኣዋጅ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣንስታይ ፆታውን ዝገልፅ እዩ።

ዓንቀፅ 4.ወሰን ተፈፃምነት

እዚ ኣዋጅ ኣብ ቤት ፅዮ መንግስትን ሰራሕተኛ መንግስትን ክልል ተፈፃሚ ይኸውን።

ዓንቀፅ 5.ዕላማ

1.ንዜጋታት ብስርዓት ሲቪል ሰርቪስ ብማዕረ፣ ብውፅኢት ስርሖምን ስነ-ምግባሮምን ንምውድዳርን ንምዕባይን፣

2.ሓይሊ ሰብ ክልል ብኣፈፃፅማን ውፅኢት ስርሑን ብዘይ ኣድልዎ ንምምዛንን ስልጠና እንተድሊ ስልጠና ንምሃብን ሰራሕተኛ መንግስቲ ንምብቃዕን፣

3.ውፅኢታውን ዘመናውን ስርዓት ሲቪል ሰርቪስ ብምህናፅ ህንፀት ሰናይ ምምሕዳርን ልምዓትን ንምቅልጣፍ ሓጋዚ ብፅሒት ምውፃእ።

## ክፍሊ ክልተ

## ኣወዳድባ መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ፣ ምዘና ስራሕ፣ ኣወሳስና ብርክን ስኬል መሃያን ኣበልን

ዓንቀፅ 6.ኣወዳድባ መንግስታዊ ቤት ፅዮ

1.ዝኾነ ቤት ፅዮ መንግስቲ ዝተጣየሸሉ ዕላማ ንምዕዋት ዘድሊ ኣወዳድባን ሓይሊ ሰብን ኣፅኒዑ ንቢሮ ብምቕራብ የወስን፣ ኾይኑ ግና ካብ ምምኻር ወፃኢ ብፍሉይ ሕጊ ንዝመሓደሩ

ሐ.ለቅጥር፣ ለደረጃ እድገት፣ ለዝውውር፣ ለድልድል፣ ለሥልጠና፣ ለትምህርት፣ ለጥቅማ ጥቅም ወይም ማንኛውንም የሰው ሀብት ሥራ አመራር ተግባር ለመፈጸም ወይም ለመፍቀድ ወሲብን እንደ ቅድመ ሁኔታ ማስቀመጥ።

አንቀፅ 3.የፆታ አገላለፅ

በዚህ አዋጅ በወንድ ፆታ የተገለፀው ለሴት ፆታም የሚገልፅ ነው።

አንቀፅ 4.የተፈፃምነት ወሰን

ይህ አዋጅ በክልሉ የመንግስት መስሪያ ቤት እና የመንግስት ሰራተኛ ተፈፃሚ ይሆናል።

አንቀፅ 5.አላማ

1.በሲቪል ሰርቪስ ስርዓት ዜጎች በእኩል፣ በስራ ውጤታቸውና ስነ-ምግባራቸው ለማወዳደርና ለማሳደግ፣

2.የክልሉ የሰው ሃይል በስራ አፈፃፀምና ውጤቱ ያለ አድልዎ ለመመዘን እና ስልጠና ሲያስፈልግ ስልጠና ለመስጠትና የመንግስት ሰራተኛውን አቅም ለማጎልብት፣

3.ውጤታማና ዘመናዊ የሲቪል ሰርቪስ ስርዓት በመገንባት የመልካም አስተዳደርና ልማት ለማፋጠንና አጋዥ ድርሻ መወጣት።

## ክፍል ሁለት

## የመንግስት መሥሪያ ቤት አደረጃጀት፣ የሥራ ምዘና፣ የደረጃ፣ የደመወዝ ስኬልና አበል አወሳሰን

አንቀፅ 6.የመንግስት መሥሪያ ቤት አደረጃጀት

1.የመንግሥት መሥሪያ ቤት የተቋቋመበትን ዓላማ ስኬታማ ለማድረግ የሚያስፈልግ አደረጃጀትና የሰው ኃይል አጥንቶ ለቢሮ በማቅረብ ያስወስናል፣ ሆኖም ግን ከማማከር

ኣይሓውስን።

2.ቢሮ ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ዘሎ ኣወዳድባ፣ ኣሰራርሓን ውፅኢታዊነትን እናፅነዐ ምምሕያሽ እንተድሊ ንቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ እናቕረበ የወስን፣

3.ብመፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ተፀኒዑ ኣብ ዘይተወደበን ዘይፀደቐን ወይ ብፍሉይ ኩነታት ዝነበሮ ክቕፅል ኣብ ዘይተፈቐደ ስራሕ ሰራሕተኛ ምቑፃር፣ ብርኪ ምዕባይ፣ ምዝዋር ወይ ካብ ዘለዎ ብርኪ ኣትሒትካ ምምዳብ ኣይፍቐድን።

## ዓንቀፅ 7.ምዘና ስራሕ

ዝኾነ ቤት ዕዮ ብርኪ ምዘና ስራሕ ዘይተወሰነሉ ሓዱሽ ስራሕ መደብን ዝርዝር ስራሕን ብምድላው ንቢሮ ብምቕራብ ደረጃን ብርክን የወስን፤ ኾይኑ ግና ካብ ምምኻር ወፃኢ ብፍሉይ ሕጊ ንዝመሓደሩ ኣይሐውስን።

## ዓንቀፅ 8.ኣመዳድባ ስራሕ

1.ኣብ ኣብያተ ዕዮ ዝርከቡ መደባት ስራሕ ድልየት ዜጋታት መሰረት ብምግባር ቅልጡፍን ውፅኢታውን ግልጋሎት ንሕብረተሰብ ክህቡ ሱር ቦቀስን መሰረታዊ ለውጢ ብዘምፅእ ኣገባብ ከምኩነታቱ ብከይዲ ስረሕ፣ ብደጋፊ ከይዲ ስራሕ ብጉጅለ ስራሕን ይውደቡ፣

2.ዳግም ምደባ ስራሕ ዝካየድ፦

ሀ.መጀመሪያ ዝተገበረ መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ጌጋ እንተህልዎ፣

ለ.ዝነበረ ኣወዳድባ ዘቐይር ሓዱሽን ብቑዕን መረዳእታ እንትቐርብ፣

ሐ.እቲ ቤት ዕዮ ሓዱሽ ስልጣንን ተግባርን



ውጭ በልዩ ህግ ለሚተዳደሩ አይጨምርም።

2.ቢሮው የመንግስት አስፈጻሚ መስሪያ ቤቶች አደረጃጀት አግባብነትና ውጤታማነት እያጠና ማሻሻያ ሲያስፈልግ ለስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት እያቀረበ ያስወስናል፣

3.በመሰረታዊ የስራ ሂደት ለውጥ ጥናት ተጠንቶ ባልተደራጀና ባልፀደቀ ወይም በልዩ ሁኔታ በነበረበት እንዲቀጥል ባልተፈቀደ ስራ ሰራተኛ መቅጠር፣ ደረጃ ማሳደግ፣ ማዛወር ወይም ካለው ደረጃ ዝቅ በማድረግ መመደብ አይፈቀድም።

## አንቀፅ 7.የሥራ ምዘና

ማንኛውም የመንግሥት መሥሪያ ቤት ደረጃ ያልተወሰነለት አዲስ የሥራ መደብና የሥራ ዝርዝር በማዘጋጀት ለቢሮ በማቅረብ ደረጃና እርከን ያስወስናል፤ ሆኖም ግን ከማማከር ውጭ በልዩ ህግ ለሚተዳደሩ አይጨምርም።

## አንቀፅ 8.የስራ አመዳደብ

1.በመንግስት መስሪያቤቶች የሚገኙ የስራ መደቦች የዜጎች ፍላጎት መሰረት በማድረግ ቀልጣፋና ውጤታማ አገልግሎት ለህብረተሰቡ እንዲሰጡ፣ ስርነቀልና መሰረታዊ ለውጥ በሚያመጣ አኳኋን እንደየሁኔታው በስራ ሂደት፣ በደጋፊ ስራ ሂደት፣ በቡድን ይደራጃሉ፣

2.የስራ ምደባ እንደገና የሚካሄደው፦

ሀ.መጀመሪያ የተደረገው መሰረታዊ የስራ ሂደት ለውጥ ጥናት ስህተት ሲኖረው፣

ለ.የነበረው አደረጃጀት የሚያስለውጥ አዲስ እና በቂ ማስረጃ ሲቀርብ፣

ሐ.መስሪያ ቤቱ አዲስ ስልጣንና ተግባር ሲሰጠው፣

እንትወሃቦ፣

3.ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ብሰራሕተኛ ተታሒዙ ዝነበረ ዳግም ምደባ ዝተገበረሎም መደብ ስራሕቲ፡-

ሀ.እቲ መደብ ስራሕ ናብ ዝለዓለ ብርኪ እንትተመዲቡን መደብ ስራሕ ዝሓቶ ተደላይ ክእለት ሒዝዎ ዝነበረ ሰራሕተኛ ዘማልአ እንትኾይኑ ብብርኪ ዕብየት ክምደብ ይኽእል፣

ለ.እቲ መደብ ስራሕ ናብ ዝተሓተ ብርኪ እንትተመዲቡ ብድልየት ሰራሕተኛ ብዝሓዞ መሃያ ትሒቱ ኣብ ዝተመደበ መደብ ስራሕ ክምደብ ይኽእል፣

ሐ.ንኡስ ዓንቀፅ 3(ለ) ሕለው ኮይኑ ትሒቱ ኣብ ዝተመደበ መደብ ስራሕ ንምምዳብ ፍቓደኛ ዘይኾነ ወይ መደብ ስራሕ ልዒሉ ብምምዳቡ ተደላይ ክእለት ዘየማልአ ኣብ ቤት ፅዮ ኣብ ዝርከብ ተመሳሳሊ ብርኪ ናብ ዘለዎ መደብ ስራሕ ይዛወር፣

መ.ንኡስ ዓንቀፅ 3(ሐ) ሕሉው ኮይኑ ኣብቲ ቤት ፅዮ እንትተተሳኢኑ ናብ ቢሮ ብምልኣኽ ኣብ ካልእ ቤት ፅዮ ኣብ ዝምጥኖ ተዛዊሩ ይምደብ፣

4.ንኡስ ዓንቀፅ 3(ሀ) ክሳብ (መ)እዚ ዓንቀፅ ክትግበር እንተዘይተኻኢሉ ዓንቀፅ 95 እዚ ኣዋጅ ተፈፃሚ ይኸውን፡፡

<u>**ዓንቀፅ 9.ስኬል መሃያ**</u>

1.ቢሮ ንሰራሕተኛ መንግስቲ ዘገልግል ስኬል መሃያ ብምፅናዕ ናብ ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ የቕርብ፣ እንትውሰን ኣፈፃፅምኡ ይቆፃፀር፣



3.በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 መሰረት በሰራተኛ ተይዞ የነበረ እንደገና ምደባ የተደረገባቸው የስራ መደቦች፡-

ሀ.የስራ መደቡ ከፍ ካለና የስራ መደቡ የሚጠይቀው ተፈላጊ ችሎታ ይዞት የነበረ ሰራተኛ የሚያሟላ ከሆነ በደረጃ እድገት ሊመደብ ይችላል፣

ለ.የስራ መደቡ ዝቅ ካለ በፍቃደኝነት ሰራተኛው በያዘው ደመወዝ ዝቅ ብሎ በተመደበ የስራ መደብ ሊመደብ ይችላል፣

ሐ.ንኡስ አንቀፅ 3(ለ) እንደተጠበቀ ሆኖ ዝቅ ባለ የስራ መደብ ለመመደብ ፍቃደኛ ያልሆነ ወይም የስራ መደቡ ከፍ በማለቱ ተፈላጊ ችሎታ ያላሟላ ሰራተኛ በመስሪያ ቤቱ በሚገኝ ተመሳሳይ ደረጃ የስራ መደብ ይዛወራል፣

መ.የዚህ አንቀፅ ንኡሰ አንቀፅ 3(ሐ) እንደተጠበቀ ሆኖ በመስሪያ ቤቱ ውስጥ ካልተገኘ ለቢሮ በመላክ በሌላ መስሪያ ቤት በሚመጥነው ተዛውሮ ይመደባል፣

4.የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 3(ሀ) እስከ (መ) መተግበር ካልተቻለ የዚህ አዋጁ አንቀፅ 95 ተፈፃሚ ይሆናል፡፡

<u>**አንቀፅ 9.ደመወዝ ስኬል**</u>

1.ቢሮው ለመንግስት ሰራተኞች የሚያገለግል የደመወዝ ስኬል አጥንቶ ለስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ያቀርባል፣ ሲወሰን አፈፃፀሙን ይቆጣጠራል፣

2.ነፍሰ ወከፍ ስኬል መሃያ፣ ብርኪ ስራሕ፣ መበገስን መወዳእታን መሃያ ከምኡ'ውን በብእዋኑ ዝግበር ወሰኽ መሃያ ብርክታት ዘርኢ ዝርዝር ይህልዎ፣

3.በብእዋኑ ዝግበር ቁጠባዊ ለውጥን ካልእ ኩነታትን ዘገናዘበ መመሓየሺ ስኬል መሃያ ቢሮ ናብ ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ የቕርብ፣ እንትፍቀድ ኣፈፃፅምኡ ይቆፃፀር።

**ዓንቀፅ 10.ኣከፋፍላ መሃያ**

1.ንማዕረ ስራሕ ማዕረ መሃያ ምክፋል፣

2.ዝኾነ ቤት ፅዮ መንግስቲ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ንሰራሕተኛ ወይ ንሕጋዊ ወኪል ሰራሕተኛ መሃያ ይኸፍል።

**ዓንቀፅ 11.ምሓዝን ምቑራፅን መሃያ**

1.ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ መሃይኡ ክተሓዝ ወይ ክቑረፅ ዝኽእል ፡-

ሀ.ብዝገብሮ ስምምዕነት ፅሑፍ፣

ለ.ብትእዛዝ ስሩዕ ቤት ፍርዲ ወይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ፣

ሐ.ብካልኦት ሕግታትን

መ.ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ እንተዘይኮይኑ ብኻልእ ኣገባብ መሃያ ሰራሕተኛ ምሓዝ ወይ ምቁራፅ ኣይከኣልን፣

2.ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1(ለ) ወይ (ሐ) መሰረት ካብ መሃያ ሰራሕተኛ በብወርሑ ዝቑረፅ መጠን ገንዘብ ካብ ዝተፃረየ መሃይኡ ካብ ሲሶ ኣይበልፅን።

**ዓንቀፅ 12.ኣበልን ጥቕማ ጥቕምን**

ዝኾነ ኣበል ዝኽፈል ስራሕ መንግስቲ ንምፍፃም ኮይኑ ቢሮ ሃገራውን እዋናውን ኩነታት ዕዳጋ

2.የደመወዝ ስኬል ለእያንዳንዱ ደረጃ መነሻና መድረሻ ደመወዝ፣ እንዲሁም በየጊዜው የሚደረግውን የደመወዝ ጭማሪ የሚያመለክቱ እርከኖች ይኖሩታል፣

3.በየጊዜው የሚደረጉ የኢኮኖሚ ለውጦችንና ሌሎች ሁኔታዎችን ያገናዘበ የደመወዝ ስኬል ማሻሻያ ቢሮ ለስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ያቀርባል፣ ሲፈቀድ አፈፃፀሙን ይቆጣጠራል።

**አንቀፅ 10.የደመወዝ ክፍያ**

1.እኩል ሥራ እኩል ደመወዝ መክፈል፣

2.ማንኛውም የመንግስት መስሪያ ቤት በወሩ መጨረሻ ለሰራተኛ ወይም ለሰራተኛው ህጋዊ ወኪል ደመወዝ ይከፍላል።

**አንቀፅ11.የደመወዝ መያዝና መቑረጥ**

1.ማንኛውም የመንግሥት ሠራተኛ ደመወዙ ሊያዝ ወይም ሊቆረጥ የሚችለው፦

ሀ)በሚያደርገው የጽሑፍ ስምምነት፣

ለ)በመደበኛ ፍርድ ቤት ወይም በማህበራዊ ፍርድ ቤት ትዕዛዝ፣

ሐ)በሌሎች ሕጎች

መ)በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት ካልሆነ በስተቀር በሌላ አግባብ የመንግስት ሰራተኛ ደመወዝ መያዝ ወይ መቁረጥ አይችልም፣

2.በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 1(ለ) ወይም (ሐ) መሠረት ከሠራተኛ ደመወዝ በየወሩ የሚቆረጠው ከደመወዙ አንድ ሦስተኛ አይበልጥም።

**አንቀፅ 12.አበልና ጥቅማ ጥቅም**

ማናቸውም አበል የሚከፈል የመንግስት ስራ ለማከናወን ሆኖ ቢሮው ሃገራዊና ወቅታዊ የገበያ

እናፅነዐ ኣበልን ጥቕማ ጥቕምን ሰራሕተኛ መንግስቲ ንክመሓየሽ ንቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ሓሳብ የቕርብ፣ እንትፍቀድ ተግባራውነቱ ይከታተል።

**ዓንቀፅ13.መሰል ክፍሊት**

1.ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ ብሕጊ ዝተፈቐደሉ ጥቕማ ጥቕምን ኣበልን መሰል ምርካብ ኣለዎ፣

2.ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ሕሉው ኮይኑ ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ ምስ ኣበልን ጥቕማ ጥቕምን ዝተኣሳሰረ መሰል ንዝምልከቶ ኣካል ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ እንተዘይኣቕሪቡ ብይርጋ ይእገድ።

## ክፍሊ ሰለስተ

## ስትራተጂክ ትልሚ ሓይሊ ሰብ፣ ምውፋር፣ ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕን ሰራሕተኛ መንግስቲ

### ንኡስ ክፍሊ ሓደ

**ዓንቀፅ 14.ስትራተጂክዊ ትልሚ ሓይሊ ሰብ**

1.ዕላማ ስትራተጂክ ትልሚ ልምዓት ሓይሊ ሰብ ኣብ መንግስታዊ ቤት ፅዮ ዝተቐመጠ ዒላማ ንምዕዋት ድሌት ሓይሊ ሰብ ንምእማት፣ በዓይነትን በዝሕን ዘድሊ ሓይሊ ሰብ ንምምላእ፣ ንምልማዕን፣ ብዝግባእ ንምጥቃም ዝሕግዝ ስጉምቲ ንምውሳድን ውፅኢቱ በቢጊዜኡ እናገምገመ ንምምሕያሽ እዩ፣

2.ዝኾነ ቤት ፅዮ መንግስቲ ስትራተጂያዊ ትልሚ መሰረት ብምግባር ሓዊር፣ ማእኸላይን ነዊሕን

ሁኔታዎችን እያጠና የመንግስት ሰራተኞች አበልና ጥቅማ ጥቅም እንዲሻሻል ለስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ሃሳብ ያቀርባል ሲፈቀድ ተግባራዊነቱ ይከታተላል።

**አንቀፅ13.የክፍያ መብት**

1.ማንኛውም የመንግስት ሰራተኛ በህግ የተፈቀደለት ጥቅማ ጥቅምና አበል የማግኘት መብት አለው፣

2.በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተጠቀሰ እንደተጠበቀ ሆኖ ማንኛውም የመንግስት ሰራተኛ ከገንዘብ ጋር የተያያዙ መብቶች ለሚመለከተው አካል በስድስት ወር ውስጥ ካላቀረበ በይርጋ ይታገዳል።

## ክፍል ሦስት

## የሰው ሀብት ስትራተጂክ ዕቅድ፣ የመንግስት ሰራተኞች የስራ ስምሪት እና የሥራ አፈጻጸም ምዘና

### ንኡስ ክፍል አንድ

**አንቀፅ 14.የሰው ሀብት ስትራተጂክ ዕቅድ**

1.የሰው ሀብት ስትራተጂክ ዕቅድ ዓላማ ማንኛውም በመንግሥት መሥሪያ ቤት ስትራቴጂያዊ ዕቅድ የተቀመጠ ዓላማ ለማሳካት የሰው ሀብት ፍላጎት ለመተንበይ፣ የሚያስፈልገውን የሰው ሀብት በዓይነትና በብዛት ለማሟላት፣ ለማልማት፣ በአግባቡ ለመጠቀም የሚያግዝ እርምጃ ለመውሰድና ውጤቱ በየጊዜው እየገመገመ ማሻሻያ ለማድረግ ነው፣

2.ማንኛውም የመንግሥት መሥሪያ ቤት ስትራቴጂያዊ ዕቅድ መሠረት በማድረግ

እዋን ትልሚ ልምዓት ሓይሊ ሰብ ኣፅኒዑ የተግብር፣

3.ክፍቲ መደብ ስራሕ ብሰራሕተኛ ምምላእ ዝከኣል ትልሚ ልምዓት ሓይሊ ሰብ መሰረት ብምግባር ኮይኑ ብብርኪ ዕቤት ወይ ብዝውውር ወይ ብቑፃር ወይ ብድልድል ወይ ብምደባ ይኸውን፣

4.ትልሚ ልምዓት ሓይሊ ሰብ ዝምልከት ቢሮ መምርሒ የውፅእ።

## ዓንቀፅ 15.ናብ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ምእታውን ስርዓት መረጋገፂ ብቕዓትን

1.ቢሮ ብብርኪ ክልል ኣመልከቲ ኣብ ክፍቲ መደብ ስራሕ ተወዳዲሮም ዝቑፀርሉ፣ ዝዓብይሉ ስርዓት መረጋገፂ ብቕዓት ምዝርጋሕ ዘኽእሉ መመዘንን መለክዕን የዳልው፣

2.መመዘንን መለክዕን ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብዘውፅኦ ደንቢ ይውሰን፣

3.ንኡስ ኣንቀፅ 1 እዚ ኣንቀፅ ዝተገለፀ መእተዊ ስርዓት መረጋገፂ ብቕዓት ዝፍፅም ቤት ዕዮ መንግስቲ ክባየሽ ይክእል።

## ዓንቀፅ16.ምልመላን መረፃን

1.ቑፃር ሰራሕተኛ መንግስቲ ዝፍፀም ብብርኪ ሀገር ብዝተዳለወ መመዘኒ ረቛሒ ኮይኑ ቤት ዕዮ ብዝህቦ ውፅኢት ፈተና ወይ ብዝኾነ ዓይነት ጭቡጥ ሞያን ስራሕን መረጋገፂ ብቕዓት መሰረት ጥራሕ ይኸውን፣

2.ብብሔር፣ ብሔረሰብ፣ ዓሌት፣ ከባቢያውነት፣



የአጭር፣ የመካከለኛና የረጅም ጊዜ የሰው ሀብት ዕቅድ አጥንቶ ተግባራዊ ያደርጋል፣

3.ክፍት የሥራ መደብ በሠራተኛ ማሟላት የሚቻለው የሰው ሀብት ዕቅድን መሠረት በማድረግ በደረጃ ዕድገት ወይም በዝውውር ወይም በቅጥር ወይም በድልድል ወይም በምደባ ይሆናል፣

4.ቢሮ የሰው ሀብት ዕቅድ በተመለከተ መመሪያ ያወጣል።

## አንቀፅ15. ወደ መንግስት መስሪያ ቤት መግባትና የብቃት ማረጋገጫ ሥርዓት

1.ቢሮ በክልል ደረጃ ክፍት የሥራ መደብ አመልካቾች ተወዳድረው ስለሚቀጠሩበትና ስለሚያድጉበት የመግቢያና የብቃት ማረጋገጫ ሥርዓት መዘርጋት የሚያስችሉ መመዘኛዎችና መለኪያዎች ያዘጋጃል፣

2.መመዘኛና መለኪያ የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት በሚያወጣው ደንብ ይወሰናል፣

3.የዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 1 የተገለፀው የመግቢያ የብቃት ማረጋገጫ ሥርዓትን የሚያስፈጽም የመንግስት መስሪያ ቤት ሊቋቋም ይችላል።

## አንቀፅ 16.ምልመላና መረጣ

1.የመንግሥት ሠራተኛ ቅጥር የሚፈጸመው በሀገር አቀፍ ደረጃ በሚወጣ መመዘኛ ሆኖ መስሪያ ቤት በሚሰጠው የፈተና ውጤት ወይም በሌላ ማናቸውም ዓይነት ተጨባጭ የሙያና ሥራ ብቃት ማረጋገጫ ብቻ ተመስርቶ ይሆናል፣

2.በብሔር፣ ብሔረሰብ፣ ጎሳ፣ አካባቢ፣ ፆታ፣

ብፆታ፣ ብሃይማኖት፣ ብፖለቲካ ኣረኣእያ፣ ብጉድኣት ኣካል፣ ምስ ኤች.አይ.ቪ. ኤድስ ሓቢርካ ብምንባር ወይ ብካሊእ ኩነት ኣብ ሞንጎ ደለይቲ ስራሕ ኮነ ኣብ ሞንጎ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣፈላላይ ምግባር ዝተኸልከለ እዩ፣

3.ሰራሕተኛ ኣብ ክፍቲ መደብ ስራሕ ዝምደብ ስራሕ መደብ ዝሓቶ ትሑት ተደላይ ክእለት እንተማልእን ምስ ካልኦት ተወዳዳርቲ ተወዳዲሩ በሊፁ እንተርከበ እዩ፣

4.መምርሒ ኣፈፃፅማ ምልመላን መረፃን ሰራሕተኛ መንግስቲ ቢሮ የውፅእ።

<u>**ዓንቀፅ 17.ሰራሕተኛ መንግስቲ ኮይንካ ንክትቁፀር ዘየኽእል ኩነት**</u>

1.ሰራሕተኛ መንግስቲ ኮይኖም ክቑፀሩ ዘይኽእሉ ዝስዕቡ እዮም፡-

ሀ.ዕድሚኡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾነ፣

ለ.ገበን ግዕዝይና፣ እምነት ምጉዳል፣ ስርቂ ወይ ምጥፍፋእ ወይ ምጭብርባር ወይ አገዲድካ ምድፋር ገበን፣ ዘይሕጋዊ ሰነድ ብምጥቃም ገበን ፈፂሙ ስልጣን ብዘለዎ ቤት ፍርዲ ተፈሪዱዎ ቅፅዓቱ እንተፈፂሙ ወይ ብይቅርታ እንተተሰሪዙሉ ምስ ተፈትሐ ክልተ ዓመት ዘይመልአ፣

ሐ.መረዳእታ ብቕዓት መረጋገፂ ኣብ ዝሓትት መደብ ስራሕ ብቕዓት መረጋገፂ ከቕርብ ፍቓደኛ ዘይኮነ፣

መ.ንኡስ ዓንቀፅ 1 (ለ) እዚ ዓንቀፅ ከምዘሎ ኮይኑ ብምኽንያት ጉድለት ዲስፕሊን ካብ ስራሕ ዝተሰናበተ ሰራሕተኛ መንግስቲ ካብ ስራሕ ካብ ዝተሰናበተሉ ዕለት ጀሚሩ ክልተ ዓመት

ሃይማኖት፣ በፖለቲካ አመለካከት፣ በአካል ጉዳት፣ ከኤች.አይ.ቪ. ኤድስ ጋር አብሮ በመኖር ወይም በሌላ ሁኔታ በሥራ ፈላጊ ሆነ በመንግሥት ሠራተኛ መካከል ልዩነት ማድረግ የተከለከለ ነው፣

3.በክፍት የሥራ መደብ ላይ ሠራተኛ የሚመደበው የሥራ መደቡ የሚጠየቀውን ዝቅተኛ ተፈላጊ ችሎታ ሲያሟላና ከሌላ ተወዳዳሪ ጋር ተወዳድሮ በልጦ ሲገኝ ነው፣

4.የመንግስት ሰራተኛ የምልመላና መረጣ የአፈፃፀም መመሪያ ቢሮ ያወጣል።

<u>**አንቀፅ17.የመንግሥት ሠራተኛ ሆኖ ለመቀጠር የማያስችል ሁኔታ**</u>

1.የሚከተሉት የመንግስት ሰራተኛ ሆነው ሊቀጠሩ አይችሉም፡-

ሀ.ዕድሜው ከ18 ዓመት በታች የሆነ፣

ለ.የሙስና፣ እምነት ማጉደል፣ የስርቆት ወይም የማጭበርበር ወይም አስገድዶ መድፈር ወንጀል፣ ህጋዊ ያልሆነ ሰነድ በመጠቀም ወንጀል ፈፅሞ ስልጣን ባለው ፍርድ ቤት ተፈረዶበት ቅጣቱ ከፈጸመ ወይም በይቅርታ ከተሰረዘለት በኋላ ሁለት ዓመት ያልሞላው፣

ሐ.የብቃት ማረጋገጫ በሚጠይቅ የስራ መደብ የብቃት ማረጋገጫ ማስረጃ ለማቅረብ ፍቃደኛ ያልሆነ፣

መ.የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1(ለ) እንደ ተጠበቀ ሆኖ ከማንኛውም መስሪያ ቤት በዲስፕሊን ጉድለት ምክንያት ከስራ የተሰናበተ የመንግስት ሰራተኛ ከተሰናበተበት

ዘይመልአ፣

ረ.ብዘይካ ሕማም ኤች ኣይ ቪ ኤድስ መረጻኢታ ምርመራ ሕክምናን ካብ ገበን ነፃ ምዃኑ ዘረጋግፅ መረዳእታ ካብ ፖሊስ ንምቕራብ ፍቓደኛ ዘይኮነ፣

ሰ.ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 21(2) ቃለ መሓላ ንምፍፃም ፍቃደኛ ዘይኮነ፣

2.ንኡስ ዓንቀፅ 1 (ሀ) እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወ'ውን ዕድሚኦም ካብ 14 ዓመት ንላዕሊ 18 ዓመት ዘይመልኦም መናእሰይ ዝቑፀርሉ ኩነት ቢሮ ብመምርሒ ይውስን፣

3.ኢትዮጵያዊ ዜግነት ዘይብሉ ሰብ ቀዋሚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኮይኑ ክቑፀር ኣይኽእልን፣

4.ካብ ሓደ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ንላዕሊ ቀዋሚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኮይንካ ምቑፃር ኣይከኣልን።

## ዓንቀፅ18.ክፍቲ መደብ ስራሕ ብሰራሕተኛ ምትሓዝ

1.ክፍቲ መደብ ስራሕ ብሰራሕተኛ መንግስቲ ክተሓዝ ዝኽእል እቲ ሰራሕተኛ ነቲ ስራሕ መደብ ዝሓቶ ትሑት ተደላይ ክእለት፣ ብቕዓትን ፍልጠትን ዘማልአን ምስ ካልኦት ተወዳዲሩ ዝሓሸ እንተኾይኑ ጥራሕ እዩ። ኮይኑ ግና ብናይ ባዕሎም ከርየር ስትራክቸር ዝመሓደሩን ስራሕ ዝጠልቦ ሞያ በቲ ቆፃሪ ቤት ዕዮ ቀጥታ ስልጠና ዝወሃቦምን ኣይሓውስን፣

2.ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ሕሉው ኮይኑ ኣብ ዕብየት ብርኪ፣ ዝውውር፣ ቑፃርን ድልድልን ተወዳዲሮም ማዕረ ውፅኢት ንዘመዝገቡ፡-

ጊዜ ጀምሮ ሁለት ዓመት ያልሞላው፣

ረ.ከኤች ኣይ ቪ ኤድስ ህመም የጤንነት ማረጋገጫ የሕክምና ምርመራ እና ከወንጀል ነጻ መሆኑን የሚያረጋግጥ ከፖሊስ ማስረጃ ለማቅርብ ፍቃደኛ ያልሆነ፣

ሰ.በዚህ አዋጅ አንቀፅ 21(2) መሰረት ቃለ መሃላ ለመፈፀም ፈቃደኛ ያልሆነ፣

2.የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 (ሀ) ድንጋጌ ቢኖርም እድሜያቸው ከ14 አመት በላይ 18 ዓመት ያልሞላቸው ወጣቶች ስለሚቀጠሩበት ሁኔታ ቢሮ በመመሪያ ይወሰናል።

3.ዜግነቱ ኢትዮጵያዊ ያልሆነ ሰው ቋሚ የመንግስት ሰራተኛ ሆኖ ሊቀጠር አይችልም፣

4.ከአንድ የመንግስት መስሪያ ቤት በላይ ቀዋሚ የመንግስት ሰራሕተኛ ሆኖ መቀጠር የተከለከለ ነው።

## አንቀፅ 18.ክፍት የስራ መደብ በሰራተኛ ማስያዝ

1.ክፍት የስራ መደብ በመንግስት ሰራተኛ ሊያዝ የሚችለው ሰራተኛው የስራ መደብ የሚጠይቀውን ዝቅተኛ የስራ ችሎታ፣ ብቃትና እውቀት ያሟላና ከሌሎች ጋር በመወዳደር የተሻለ የሆነ እንደሆነ ብቻ ነው። ሆኖም በራሳቸው ከርየር ስትራክቸር የሚተዳደሩና ስራው የሚጠይቀው ሞያ በቀጣሪ መስሪያቤት ቀጥታ ስልጠና የሚሰጣቸውን አይጨምርም፣

2.የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ በደረጃ እድገት፣ ዝውውር፣ ቅጥርና ድልድል ተወዳድሮ እኩል ውጤት ላስመዘገቡ፣

ሀ.ጉድኣት ኣካል፣
ለ.ኣብ ክልል ዝነኣሰ ቁፅሪ ዘለዎም ብሄረሰብ ኩናማን ኢሮብን፣
ሐ. ደቂ- ኣንስትዮ ከከም ቅደም ሰዓቦም ቀዳምነት ይረኽቡ፣
3.ክፍቲ መደብ ስራሕ ብሰራሕተኛ ክተሓዝ ዝኽእል ብዝስዕብ ቅደም ስዓብ እዩ።

ሀ. ካብ ሰራሕተኛታት ውሽጢ ብብርኪ ዕብየት ፣
ለ. ብውሽጢ ዝውውር፣
ሐ. ብደገ ዝግበር ዝውውርን
መ. ብቑፃርን፣
4.ንኡስ ዓንቀፅ 3 እዚ ዓንቀፅ ከምዘሎ ኮይኑ ንሰራሕ ኣድላይ ኮይኑ እንትረከብ ቅደም ሰዓብ ኣመላልኣ ክፍቲ መደብ ሰራሕ ከይሓለወ መራሒ ስራሕ ብዝውሰኖ ኣግባብ ክፍፀም ይክእል። ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን።

<u>**ዓንቀፅ 19.ኣወፃዕኣ ምልክታ፣ ዝውሃብ ፈተናን ኣፈፃፅማ ቑፃርን**</u>

1.ዝኾነ ቤት ዕዮ መንግስቲ ክፍቲ መደብ ስራሕ እንተሃልይዎ ምልክታ ብምውፃእ ኣመልካቲ ክዕድም ኣለዎ፣
2.ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወ'ውን ዝኾነ ቤት ዕዮ መንግስቲ ብፍቓድ ቢሮ ኣብ ዕዳጋ ሕፅረት ኣብ ዘለዎ ሞያ ምስ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ብምርካብ ምሩቃት ዓዲሙ ኣወዳዲሩ ክቖፅር ይኽእል እዩ።

ሀ. አካል ጉዳተኞች፣
ለ. በክልሉ አነስተኛ ቁጥር ያላቸው ኩናማና ኢሮብ ብሄረሰቦች፣
ሐ. ሴቶች እንደየቅደም ተከተላቸው ቅድሚያ ያገኛሉ፣
3.ክፍት የስራ መደብ በሰራተኛ ሊያዝ የሚቻለው ከዚህ በቓች በተዘረዘሩት ቅደም ተከል ይፈፀማል፣
ሀ.ከውስጥ ሰራተኞች በደረጃ እድገት፣
ለ.በውስጥ ዝውውር፣
ሐ.በውጭ የሚደረግ ዝውውርና
መ.በቅጥር፣
4.የዚህ አንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 3 እንደተጠበቀ ሆኖ ለስራ አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ ክፍት የሰራ መደብ አሞላል ቅደም ተከተል ሳይጠብቅ የሰራ መሪ በሚወሰነው ኣገባብ ይፈፀማል። ዝርዝር በመመሪያ ይወሰናል።

<u>**አንቀፅ 19.ማስታወቂያ ስለማውጣት፣ ለቅጥር ስለሚሰጥ ፈተናና ስለቅጥር አፈፃፀም**</u>

1.ማንኛውም የመንግሥት መሥሪያ ቤት ክፍት የሥራ ቦታ ሲኖረው ማስታወቂያ በማውጣት አመልካቾችን መጋበዝ አለበት፣
2.የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 1 ቢኖርም ማንኛውም የመንግሥት መሥሪያ ቤት በገበያ ላይ እጥረት ባለባቸው ሙያዎች ከከፍተኛ ትምህርት ተቋሞች ጋር ግንኙነት በመፍጠር ምሩቃንን በመጋበዝ በማወዳደር ቅጥር መፈጸም ይችላል።

**ዓንቀፅ 20.ምቕራብ መረዳእታ ሕክምናን ካብ ገበን ነፃ ምዃንን**

1.ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 18 ብውድድር በሊፁ ንክቑፀር ዝተሓረየ ሰራሕተኛ፡-

ሀ.ስራሕ መንግስቲ ንምፍፃም ምስቲ ስራሕ ዝተታሓሓዘ ዝተማለአ ጥዕና ዘለዎ ምዃኑ ዘረጋግፅ ሕጋዊ ፍቓድ ካብ ዘለዎ ትካል ጥዕና መረዳእታ ሕክምና ከቕርብ ኣለዎ፣

ለ.ካብ ገበን ነፃ ምዃኑ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መረዳእታ ኣፃብዕቲ ዓሸራ ከቕርብ ኣለዎ፣

ሐ.ንኡስ ዓንቀፅ 1(ሀ)ን (ለ) ንእዚ ዓንቀፅ ሕሉው ኮይኑ ከምኡውን ዓንቀፅ 17 ንኡስ ዓንቀፅ 1 (ለ) ካብ ዝተጠቐሱ ገበናት ወፃኢ ካሊእ ገበን ፈፂሙ ስልጣን ብዘለዎ ቤት ፍርዲ ትሕቲ ሓሙሽተ ዓመት ዝተፈረዶ እንተነይሩ ብሕጊ ማእሰራቱ ዝወደአ ምዃኑ ዘረጋግፅ ምስያም ከየድለየ ካብ ቤት ህንፀት ምስክር ወረቐት መረዳእታ ዘቕርብ፣

መ.ገበን ፈፂሙ ስልጣን ብዘለዎ ቤት ፍርዲ ብፅኑዕ ማእሰርቲ ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ዝተፈረዶ እንተኮይኑ ብሕጊ ዝተሰረዘሉ ምዃኑ ዘረጋግፅ ካብ ቤት ፍርዲ ተሰይሙ መረዳእታ ናይ ምቕራብ ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 21.ምፍፃም ቃል መሓላን ምቑፃርን**

1.ሕፁይ ተመራፂ ሰራሕተኛ ዝተቆፀረሉ መፀውዒ መደብ ስራሕ፣ ብርኪ ስራሕ፣ ዝኸፈሎ መሃያ፣ ስራሕ ዝጅምረሉ እዋን፣ ዝፍፅሞ ቀንዲ ዝርዝር ሰራሕትን ካብ ተቖፃሪ ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት ዝገልፅ ደብዳበ ብቆፃሪ ቤት ፅዮ

**አንቀፅ 20.የሕክምና እና ከወንጀል ነፃ መሆኑን ማስረጃ ማቅረብ**

1.በዚህ አዋጅ አንቀፅ 18 መሰረት በውድድሩ በልጦ ለመቀጠር የተመረጠ ሰራተኛ፣-

ሀ.የመንግስት ስራ ለማከናወን ከስራው ጋር የተያያዘ የተሟላ ጤና ያለው መሆኑ የሚያረጋግጥ ህጋዊ ፍቃድ ካለው የጤና ተቋም የሕክምና ማስረጃ ማቅረብ አለበት፣

ለ.ከወንጀል ነፃ መሆኑ ከሚመለከተው አካል ማስረጃ የጣት አሻራ ማቅረብ ኣለበት፣

ሐ.በዚህ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፊደል (ሀ)ና (ለ) እንደተጠበቀ ሆኖ እንዲሁም በዚህ አዋጅ አንቀፅ 17 ንኡስ አንቀፅ 1 (ለ) ከተገለፁት ወንጀሎች ውጪ ሌሎች በተጨማሪ ሌላ ወንጀል ፈፅሞ ስልጣን ባለው ፍርድ ቤት ከአምስት ዓመት በታች ተፈረዶበት ከነበረ በህግ እስራቱን የጨረሰ መሆኑ የሚያረጋግጥ ማስረጃ መሰየም ሳያስፈልገው ከማረሚያ ቤት ምስክር ወረቀት የሚያቀርብ፣

መ.ወንጀል ፈፅሞ ስልጣን ባለው ፍርድ ቤት በፅኑ እስራት ከአምስት ዓመት በላይ የተፈረደበት ከሆነ በሕግ የተሰረዘለት መሆኑን የሚያረጋግጥ ከፍርድ ቤት የተሰየመ መሆኑ ማስረጃ የማቅረብ ግዴታ አለበት።

**አንቀፅ 21.ቃለ መሃላ መፈፀምና መቅጠር**

1.እጩ ተመራጭ ሰራተኛ የተቀጠረበት የስራ መደብ መጠሪያ፣ የስራ ደረጃ፣ የሚከፈለው ደመወዝ፣ ስራ የሚጀምርበት ጊዜ የሚያከናውነው ዋና ዋና ዝርዝር ስራዎችን ከተቀጣሪ የሚጠበቅ ውጤት የሚገልፅ ደብዳቤ

ብኣመራርሓ ሓይሊ ሰብ ተፈሪሙ ይወሃቦ፣

2.ዝተቖፀረ ሰራሕተኛ መንግስቲ ቅድሚ ስራሕ ምጅማሩ ዝስዕብ ቃለ መሓላ ይፍፅም፡-

"ኣነ ............................ ከም መጠን ሰራሕተኛ መንግስቲ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ሕገ-መንግስቲ ሃገረይን ክልለይን ከኽብር፣ ፖሊስታት መንግስቲ ንምፍፃም፣ ካብ ግዕዝይናን ኣድልዎን ነፃ ኮይነ ውፅኢታዊ ስራሕ ክሰርሕ፣ ንህዝቢ ብሓቂ፣ ብተኣማንነት፣ ብቅንዕናን ብማዕረ ከገልግል፣ ብምኽንያት ስርሐይ ዝፈለጦ ብሕጊ ምሽጥር ዝተብሃለ ንካልእ ወገን ንዘይምግላፅን ዝግባእ ስራሕ ክሰርሕን ቃል ይኣቱ።"

**ዓንቀፅ 22.ኣወሳስና መቑፀሪ መሃያ**

1.ሓዱሽ ተቆፃሪ ሰራሕተኛ ካብ ገበን ነፃ ምዃኑ ዝገልፅ መረዳእታ ኣፃብዕቲ ዓሻራን መረዳእታ ሕክምናን ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ መበገሲ መሃያ ናይ ዝተቖፀረሉ መደብ ስራሕ ይኽፈሎ፣

2..ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ከምዘሎ ኮይኑ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ትምህርቲ ብፌደራልን ብክልልን ዝምደቡ ሰብ ሞያ ካብ ዝተመደብሉ ዕለት ጀሚሩ ንዝተቖፀርሉ መደብ ስራሕ ዝተመደበ መበገሲ መሃያ ይኽፈሎም።

**ዓንቀፅ 23.ጊዜ ፈተነ**

1.ጊዜ ፈተነ ሓዱሽ ተቖፃሪ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ ዝተቖፀረሉ መደብ ስራሕ ንሽዱሽተ ወርሒ ኮይኑ ኣፈፃፅማ ስራሕ ውፅኢቱ ካብ ዘዕግብ ንታሕቲ ኮይኑ እንተተረኺቡ ጊዜ ፈተነ

በቀጣሪው መስሪያ ቤት በሰው ሃይል አመራር ተፈርሞበት ይሰጠዋል፣

2.የተቀጠረው የመንግስት ሰራተኛ ስራ ከመጀመሩ በፊት የሚከተለው ቃለ መሃላ ይፈፅማል፦

"እኔ .............. እንደ መንግስት ሰራተኝነቴ ከሁሉም በላይ የሃገሬና የክልሌ ህገ-መንግስት ለማክበር፣ የመንግሥት ፖሊሲዎች ለመፈጸም፣ ከሙስናና አድልዎ ነፃ ሁኜ ውጤታማ ስራ ልሰራ፣ ለህዝብ በሃቀኝነት፣ በታማኝነት፣ በቅንነት እና በእኩልነት ላገለግል፣ በስራ ምክንያት ያወቅኩትን በህግ ሚስጥር የተባለ ለሌላ ወገን ላለመግለፅና የሚገባኝን ስራ ልሰራ ቃል እገባለሁ።"

**አንቀፅ 22.የመቀጠሪያ ደመወዝ አወሳሰን**

1.አዲስ ተቀጣሪ ሰራተኛ ከወንጀል ነፃ መሆኑ የሚገልፅ ማስረጃ የጣት አሻራ እና የህክምና ማስረጃ ካቀረበበት ቀን ጀምሮ ለተቀጠረበት የስራ መደብ መነሻ ደመወዝ ይከፈለዋል፣

2.የዚህ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ 1 እንደተጠበቀ ሆኖ ከተለያዩ የትምህርት ተቋማት በፌደራልና በክልል ለሚመደቡ ባለሞያዎች ከተመደቡበት ዕለት ጀምሮ ለተቐጠሩበት የስራ መደብ ለመደቡ የተቀመጠ የመነሻ ደመወዝ ይከፈለዋል።

**አንቀፅ 23.የሙከራ ጊዜ**

1.አዲስ የተቀጠረ የመንግስት ሠራተኛው የሙከራ ጊዜ በተቀጠረበት የሥራ መደብ ላይ ለስድስት ወር ሆኖ የሥራ አፈጻጸም ምዘና ውጤቱ ከመካከለኛ በታች ሆኖ ከተገኘ የሙከራ ጊዜው

ንተወሳኺ ሰለስተ ወርሒ ክናዋሕ ይኽእል፣

2.ጊዜ ፈተነ ዝተናወሐሉ ሰራሕተኛ ዝተጠቓላለ ኣፈፃፅማ ውፅኢት ስራሕ ምዘና ኣፅጋቢ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዘይረኸበ ካብ ስራሕ ይሰናበት።

3.ኣብ እዋን ፈተነ ዘሎ ተቖፃሪ ሰራሕተኛ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ንሓደ ወርሒ ካብ ምድብ ስርሑ እንተተፈልዩ ተወሳኺ ሓደ ወርሒ ክሰርሕ ብምግባር እዋን ፈተነ ክውድእ ይግበር።

4.ኣብ እዋን ፈተነ ዝርከብ ተቖፃሪ ሰራሕተኛ ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ትሕቲ ሓደ ወርሒ ካብ ምድብ ስርሑ እንተተፈሊዩ ኣብ ስርሑ ዝተረከበሉ ጊዜ ጥራሕ ተሓሲቡ ኣፈፃፅማ ውፅኢት ስራሕ ይምልኣሉ፣

5.ዓንቀፅ 64(3) ን (5)እዚ ኣዋጅ ሕሉው ኮይኑ ኣብ ጊዜ ፈተነ ዘሎ ሰራሕተኛ መንግስቲ ብስራሕ ዝመፀ ሕማም ወይ ብጉድኣት ካብ ስራሕ ዝተረፈ እንተኾይኑ ካብ ሕማሙ ወይ ጉድኣቱ ካብ ዝደሓነሉ እዋን ጀሚሩ ዘይወደኦ ጊዜ ፈተነ ንክውድእ ይግበር፣

6.ንዑስ ዓንቀፅ 5 እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወ እውን ኣብ ጊዜ ፈተና ብወሊድ ምኽንያት ካብ ሓደ ወርሒ ንላዕሊ ኣብ ስርሓ ዘይተረከበት ሰራሕተኛ ወሊድ ፈቓዳ ምስ ወደአት ጊዜ ፈተነ ንክትውድእ ይግበር፣ ኮይኑ ግና ኣብ ፈተነ ጊዜ ኣብ ስራሓ ዘይተረከበትሉ ትሕቲ ሓደ ወርሒ እንተኾይኑ ኣፈፃፅማ ውፅኢት ስርሓ ኣብ ስራሕ

ለተጨማሪ ሦስት ወር ሊራዘም ይችላል።

2.በተራዘመው የሙከራ ጊዜ ውስጥ ሠራተኛው አጥጋቢ ወይም ከዚያ በላይ የተጠቃለለ የሥራ አፈጻጸም ምዘና ውጤት ካላገኘ ከሥራ ይሰናበታል።

3.በሙከራ ጊዜ ያለ ተቀጣሪ ሰራተኛ ከአቅም በላይ በሆነ ምክንያት ለአንድ ወር ከመደበኛ ስራው ከተለየ ተጨማሪ አንድ ወር እንዲሰራ በማድረግ የሙከራ ጊዜ እንዲጨርስ ይደረጋል።

4.በሙከራ ላይ ያለ የመንግሥት ሠራተኛ ከአቅም በላይ በሆነ ምክንያት ከአንድ ወር በታች በሥራው ላይ ካልተገኘ በሥራው ላይ የተገኘበት ጊዜ ብቻ ታስቦ የሥራ አፈጻጸም ይሞላለታል።

5.የዚህ አዋጅ አንቀጽ 64(3) እና (5) እንደተጠበቀ ሆኖ በሙከራ ላይ ያለ የመንግሥት ሠራተኛ በሥራ ምክንያት በሚመጣ በሽታ ወይም በሥራ ላይ በሚደርስ አደጋ ምክንያት ከሥራ የቀረ እንደሆነ ያልጨረሰውን የሙከራ ጊዜ ከሕመሙ ወይም ከጉዳቱ ከዳነበት ጊዜ አንስቶ እንዲጨርስ ይደረጋል።

6.የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 5 ድንጋጌ ቢኖርም በወሊድ ምክንያት ከአንድ ወር በላይ በሥራዋ ላይ ያልተገኘች የሙከራ ሠራተኛ የወሊድ ፈቃዷ እንደተጠናቀቀ የሙከራ ጊዜ እንድትጨርስ ይደረጋል፤ ሆኖም በሙከራ ሥራዋ ላይ ያልተገኘችበት ጊዜ ከአንድ ወር በታች ከሆነ የሥራ አፈጻጸም ምዘና ውጤቷ በሥራ ላይ

ብዝፀንሐቶ ጊዜ ተሓሲቡ ይምልኣላ፣

7.ኣብ ፈተነ ዝርከብ ሰራሕተኛ መንግስቲ ንዝበፅሖ በደል ስራሕቲ ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ከም ቀዋሚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ዘለዎ መሰልን ግቡእን ይህልዎ።

## ዓንቀፅ 24.ቀዋሚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ምዃን

1.ኣብ ፈተነ ዝርከብ ሰራሕተኛ መንግስቲ ካብ ዝተቖፀረሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ እዋን ጊዜ ፈተነ ዝኣክል በቢ ሰለስተ ወርሒ ክልተ ጊዜ ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕ ብቐረባ ሓላፊኡ ይምለኣሉ፣

2.ጊዜ ፈተንኡ ኣዕጋብን ካብኡ ንላዕልን ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝረኸበ ሰራሕተኛ ካብ ዝተቖፀረሉ እዋን ጀሚሩ ቀዋሚ ሰራሕተኛ ኮይኑ ዝተመዝገበ ምዃኑ ዝገልፅ መረጋገፂ ደብዳበ ብኣመራርሓ ሓይሊ ሰብ ተፈሪሙ ይውሃቦ፣

3.ሓዱሽ ተቖፃሪ ሰራሕተኛ ኣብ ጊዜ ፈተንኡ ኣፈፃፅማ ስራሕ ዘይተመልአሉ እንተኾይኑ ንኣመራርሓ ሓይሊ ሰብ ወይ መራሒ ስራሕ ቤት ዕዮኡ ብፅሑፍ ከመልክት ኣለዎ፣

4.ኣብ ጊዜ ፈተነ ዝርከብ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣፈፃፅማ ውፅኢት ስርሑ እዋኑ ሓሊፉ ዘይተመልአሉ እንተኾይኑ ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስራሕ ዘይመልአ ናይ ቀረባ ሓላፊ ብዝሸመ ኣካል ወይ ብቐረባ ሓላፊኡ ብዲስፕሊን ተሓታቲ ኮይኑ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ኣፈፃፅማ ውፅኢት ስርሑ ንክምላእ ተገይሩ ንጊዜ ፈተና ካብ ዝተቆፀረሉ ዕለት ጀሚሩ ቀዋሚ መንግስቲ ሰራሕተኛ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 25.ኣቖፃፅራ ግዚያዊ ሰራሕተኛ

1.ግዚያዊ ሰራሕተኛ ምቑፃር ዝከኣል፡-

በቆየችበት ጊዜ ታስቦ ይሞላላታል፣

7.በሙከራ ጊዜ ያለ የመንግሥት ሠራተኛ ለደረሰው የሰው ሃይል አስተዳደር ስራዎች በደል ቀዋሚ የመንግሥት ሠራተኛ ያለው መብትና ግዴታ ይኖረዋል።

## አንቀፅ 24.ቋሚ የመንግሥት ሠራተኛ ስለመሆን

1.በሙከራ ጊዜ የሚገኝ የመንግስት ሰራተኛ ከተቀጠረበት ቀን ጀምሮ የሙከራ ጊዜ እስከ የሚያልቅ በየ ሦስት ወሩ ሁለት ጊዜ የስራ አፈፃፀም ምዘና በቅርብ ሃላፊው ይሞላለታል፣

2.የሙከራ ጊዜው አጥጋቢና ከዚያ በላይ የስራ አፈፃፀም ያገኘ ሰራተኛ ከተቀጠረበት ጊዜ ጀምሮ ቋሚ ሰራተኛ ሆኖ የተመዘገበ መሆኑን የሚገልፅ ማረጋገጫ ደብዳቤ በሰው ሃይል አመራር ተፈርሞ ይሰጠዋል፣

3.አዲስ ተቀጣሪ ሰራተኛ በሙከራ ጊዜው የስራ አፈፃፀም ያልተሞላለት እንደሆነ ለመስሪያ ቤቱ የሰው ሃይል አመራር ወይም ለመስሪያ ቤቱ ስራ መሪ በፅሑፍ ማመልከት አለበት፣

4.በሙከራ ላይ የሚገኝ የመንግሥት ሠራተኛ የሥራ አፈጻጸም ምዘና ውጤት ጊዜውን ጠብቆ ያልተሞላለት እንደሆነ የስራ ኣፈፃፀም ያልሞላ የቅርብ ሓላፊ በሾመው ኣካል ወይም በቅርብ ሓላፊው በዲስፕሊን ተጠያቂ ሆኖ በአንድ ወር ጊዜ ውስጥ የሥራ አፈጻጸም ምዘና እንዲሞላ ተደርጎ ለሙከራ ከተቀጠረበት ቀን ጀምሮ ቋሚ የመንግስት ሠራተኛ ይሆናል።

## አንቀፅ 25.የጊዚያዊ ሰራተኛ አቀጣጠር

1.ጊዚያዊ ሰራተኛ መቅጠር የሚቻለው፡-

ሀ.ብዕቤት፣ ብቑፃር፣ ብዝውውር ብውሽጢ ሰራሕተኛ ክሸፈን ኣብ ዘይተኽኣለ ብጊዚያዊነት ኣብ ዝተለቀቐ ቀዋሚ መደብ ስራሕ ካብ ሽድሽተ ወርሒ ንዘይበልፅ፣

ለ.ግዚያዊ ፃዕቂ ስራሕ ብምፍጣሩ ምኽንያት ብዝተመደበ ሓይሊ ሰብ ጥራሕ ምስራሕ ኣፀጋሚ ምኳኑ ላዕለዋይ ሓላፊ ቤት ዕዮ እንተኣሚኑ ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ንዘይበልፅ እዋን፣

ሐ.ኣብ ቤት ዕዮ ፕሮጀክት ባህሪ ኣብ ዘለዎም ስራሕቲ ክሳብ እቲ ፕሮጀክት ዝውዳእ፣

መ.ዝለዓለ በዓል ሞያ ዝጠልብ ክፍቲ ስራሕ መደብ እንትርከብ ነቲ ሙያ ብብርኪ ዕብየት፣ ብዝውውር ወይ ብቑፃር ዘማልእ ኢትዮጵያዊ በዓል ሙያ ምርካብ ኣብ ዘይተኽኣሎም መደባት ንቢሮ ብምፍቃድ ዜጋ ወፃኢ ሃገር ብግዚያዊ ሰራሕተኛ ምቑፃር ይከኣል፣

2.ግዚያዊ ሰራሕተኛ ዝቑፀረሉን ዝመሓደረሉን ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

ሀ.በደረጃ ዕድገት፣ በቅጥር፣ በዝውውር የውስጥ ሰራተኛ መሸፈን ካልተቻለ በጊዜያዊነት በተለቀቀ ቋሚ የስራ መደብ ከስድስት ወር ለማይበልጥ ጊዜ፣

ለ.ጊዚያዊ የስራ ጫና በመፈጠሩ ምክንያት በተመደበው የሰው ሃይል ብቻ መስራት አስቸጋሪ ሲሆንና የመስሪያቤቱ የበላይ ሃላፊ ሲያምንበት ከስድስት ወር ለማይበልጥ ጊዜ፣

ሐ.በመስሪያ ቤቱ የፕሮጀክት ባህርይ ባላቸው ስራዎች ስራው እስኪያልቅ፣

መ.ከፍተኛ ባለሞያ የሚጠይቅ ክፍት የስራ መደብ ሲገኝና ለሞያው በደረጃ እድገት በዝውውር ወይም በቅጥር በሚያሟላ ኢትዮጲያዊ ባለሞያ ማግኘት ባልተቻለበት የስራ መደብ ቢሮው በማስፈቀድ የውጭ ዜጋ በጊዚያዊ ሰራተኛ መቅጠር ይቻላል፣

2.ጊዚያዊ ሰራተኛ የሚቀጠርበትና የሚተዳደርበት ቢሮው በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል።

## ዓንቀፅ 26.ስራሕ ብውዕሊ ንሳልሳይ ወገን ብምሃብ ክስራሕ ምግባር

ዝኾነ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ንቢሮ ብምፍቃድ ጥቕሚ ህዝቢ ብዘይፃባእ ኣገባብ ዝተወሰነ መደብ ስራሕ ወይ ስራሕ ንትካል ንግዲ ወይ ካልእ ትካል ብውዕሊ ብምሃብ ክስራሕ ምግባር ይከኣል። ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን።

## አንቀፅ 26.ስራ በውል ለሦስተኛ ወገን በመስጠት እንዲሰራ ማድረግ

አስፈላጊ ሆኖ ሲገኝ ማንኛውም የመንግሥት መሥሪያ ቤት ለቢሮ በማስፈቀድ የሕዝብን ጥቅም በማይጎዳ የተወሰነ የሥራ መደብ ወይም ሥራ ለንግድ ተቋም ወይም ሌላተቋም በውል እንዲሰራ ማድረግ ይቻላል። አፈፃፀሙ በደንብ ይወሰናል።

## ዓንቀፅ27.መንግስቲ ሰራሕተኛ ብሓባር ምቑፃር

1.መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ፍሉይ ፍልጠትን ሞያዊ ዓቕምን ሓደ ሰራሕተኛ ንስራሕቶም

## አንቀፅ27.የመንግስት ሰራተኛን በጋራ መቅጠር

1.የመንግሥት መሥሪያ ቤቶች የአንድ የመንግሥት ሠራተኛ ልዩ እውቀትና ሙያዊ

ኣድላይ እንተኾይኑ ብሓባር ክቖፅሩ ይክእሉ፣

2.ኩነታት ቑፃርን ዝፀንሐሉ ጊዜ፣ ኣከፋፍላ መሃያ፣ ኩነታት ስራሕን ዝምልከት ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

## ንኡስ ክፍሊ ክልተ

## ብርኪ ዕብየት

**ዓንቀፅ 28.ዕላማ ብርኪ ዕብየት**

ዕላማ ብርኪ ዕብየት ስራሕ ብቕዓት ብዘለዎ ሰራሕተኛ ንክስራሕ ንምኽኣል፣ ውፅኢት ስራሕ ቤት ፅዮ ንምምሕያሽን ሰራሕተኛ ንምትብባዕን እዩ።

**ኣንቀፅ 29.ኣዋህባ ብርኪ ዕብየት**

1.ሰራሕተኛ መንግስቲ ንዕብየት ብርኪ ክወዳደር ዝኽእልዝስዕብ እንተማልአ እዩ፡-

ሀ.ቀዋሚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ዝኾነ፣

ለ.ሓዱሽ ተቖፃሪ ሰራሕተኛ መንግስቲ እንተኾይኑ እንተነኣሰ ናይ ክልተ ተኸታታሊ ጊዜ ውፅኢት ተኮር ኣፈፃፅማ ኣዕጋብን ልዕሊኡን ዘለዎ፣

ሐ.ካብ ካልእ ቤት ፅዮ ብዝውውር ዝመፀ እንተኾይኑ እውን ኣብ ዝተመደቦ መደብ ስራሕ እንተነኣሰ ናይ ሓደ ጊዜ ምዘና ውፅኢት ኣፈፃፅማ ስርሑ ኣዕጋብን ልዕሊኡን ዘምፀአ፣

መ.ቐዋሚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ነይሩ ኣብ ካሊእ መንግስታዊ ቤት ፅዮ ዝተቖፀረ ኣብ እዋን ፈተነ ዝተውሃቦ ውፅኢት ተኮር ሽዱሽተ ወርሒ መሰረት ገይሩ ንብርኪ ዕቤት ክወዳደር ይኽእል።

2.ብምኽንያት ቕፅዓት ዲስፕሊን ካብ ብርኪ



አቅም ለሥራቸው አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኙት በጋራ ሊቀጥሩት ይችላሉ፣

2.የቅጥር ሁኔታ፣ ቅጥሩ የሚቆይበት ጊዜ፣ የደመወዝ አከፋፈልና ሌሎች የስራ ሁኔታዎች ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል።

## ንኡስ ክፍል ሁለት

## የደረጃ ዕድገት

**አንቀፅ28.የደረጃ ዕድገት ዓላማ**

የደረጃ ዕድገት ዓላማ ሥራው ብቃት ባለው ሠራተኛ እንዲከናወን ለማስቻል፣ የመሥሪያ ቤቱን የሥራ ውጤት ለማሻሻል እና ሠራተኛውን ለማበረታታት ነው።

**ዓንቀፅ 29.የደረጃ እድገት አሰጣጥ**

1.የመንግስት ሰራተኛ ለደረጃ እድገት መወዳደር የሚችለው የሚከተለው ሲያሟላ ነው፡-

ሀ.ቋሚ የመንግስት ሰራተኛ የሆነ፣

ለ.አዲስ የመንግስት ተቀጣሪ ሲሆን ቢያንስ የሁለት ተከታታይ የስራ አፈፃፀም ምዘና ውጤት አጥጋቢና ከዚያ በላይ ያለው፣

ሐ. ከሌላ የመንግስት መስሪያ ቤት በዝውውር የመጣ ከሆነ በተመደበበት የስራ መደብ ቢያንስ የአንድ ጊዜ የስራ አፈፃፀም ምዘና ውጤት አጥጋቢና ከዚያ በላይ ያመጣ፣

መ.ቀዋሚ የመንግሥት ሠራተኛ የነበረ በሌላ መንግስታዊ መስሪያ ቤት ሲቀጠር በሙከራ ጊዜ የተሰጠው የስድስት ወር የስራ አፈፃፀም መሰረት በማድረግ ለደረጃ እድገት ሊወዳደር ይችላል።

2.በዲስፕሊን ቅጣት ምክንያት ከደረጃ ዝቅ

ምትሓት ዘይተወሰኖ ዝኾነ ቀዋሚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ንብርኪ ዕብየት ክወዳደር ይኽእል እዩ፣

3.ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወ'ውን ብገደብ ካብ ብርኪ ምትሓት ቅፅዓት ዲስፕሊን ዝተወሰኖ ሰራሕተኛ ፍርቂ ቅፅዓቱ ምስ ፈፀመ፣ ቕፅዓቱ ክለዓለሉ ስልጣን ብዘለዎ ላዕለዋይ ሓላፊ ቤት ዕዮ እንተተወሲኑሉ ንብርኪ ዕብየት ክወዳደር ይኽእል እዩ።

**ዓንቀፅ 30.ብርኪ ዕብየት ዝስረዘሉ ኩነታት**

ሓሶት መረዳእታ ተጠቒሙ ወይ ሕጊ ብምትሕልላፍ ዝተውሃቦ ብርኪ ዕብየት ኣብ ዝኾነ ጊዜ ይስረዝ።

## ንኡስ ክፍሊ ሰለስተ

## ዝውውርን ድልድልን

**ዓንቀፅ 31.ዝውውር**

1.ዕላማ ዝውውር ካብ ውሽጥን ደገን ዝተፈላለየ ክእለትን ብቕዓትን ዘለዎም ኪኢላታት ብምስሓብ ውፅኢት ስራሕ ቤት ዕዮ ንምምሕያሽን ብሰራሕተኛ መንግስቲ ዝለዓል ዝተፈላለየ ፀገም ንምምላስ እዩ፣

2.እቲ ቤት ዕዮ ነቲ ስራሕ ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺብዎ፡-

ሀ.ኣብ ውሽጢ ሓደ ቤት ዕዮ ካብ ሓደ መደብ ስራሕ ናብ ካልእ መደብ ስራሕ ወይ ካብ ሓደ ከይዲ ስራሕ ናብ ካልእ ከይዲ ስራሕ ብውድድር ይፍፀም፣

ለ.ንኡስ ዓንቀፅ 2(ሀ) እዚ ዓንቀፅ ሕሉው ኮይኑ ምስ ውፅኢት ስራሕ ብዝተኣሳሰረ ስራሕን ሰራሕተኛን ንምርኻብ ኣብ ዝእመነሉ መደባት



እንዲል ያልተወሰነበት ማንኛውም ቋሚ የመንግስት ሰራተኛ ለደረጃ እድገት መወዳደር ይችላል፣

3.የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 ቢኖርም በገደብ ከደረጃ ዝቅ እንዲል በዲስፕሊን ቅጣት የተወሰነበት ሰራተኛ የቅጣቱ ግማሽ ከፈፀመ፣ ቅጣቱ ሊነሳለት ስልጣን ባለው የመስሪያ ቤት የበላይ ሃላፊ ከተወሰነለት ለደረጃ እድገት መወዳደር ይችላል።

**አንቀፅ 30.የደረጃ እድገት ስለሚሰረዝበት ሁኔታ**

የሃሰት ማስረጃ ተጠቅሞ ወይም ሕግን በመተላለፍ የተሰጠ የደረጃ እድገት በማናቸውም ጊዜ ይሰረዛል።

## ንኡስ ክፍል ሦስት

## ዝውውርና ድልድል

**አንቀፅ 31.ዝውውር**

1.የዝውውር ዓላማ ከውስጥ እና ውጭ የተለያዩ ችሎታና ብቃት ያላቸው ባለሞያዎች በመሳብ የመስሪያ ቤቱ የስራ ውጤት ለመሻሻልና በመንግስት ሰራተኞች ለሚነሱ የተለያዩ ችግሮች ለመመለስ ነው፣

2.መስሪያ ቤቱ ለስራው አስፈላጊ ሆኖ ሲያገኘው፡-

ሀ.በአንድ መስሪያ ቤት ውስጥ ከአንድ የስራ መደብወደ ሌላ የስራ መደብ ወይም ከአንድ የስራ ሂደት ወደ ሌላ የስራ ሂደት በውድድር ይፈፀማል፣

ለ.የዚህ አንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2(ሀ). እንደተጠበቀ ሆኖ የመስሪያ ቤቱን የስራ ውጤት ከፍ ለማድረግ እንዲሁም ሰራና ሰራተኛን

ስራሕ ስምምዕነት ሰራሕተኛ ብምሕታት ቤት ፅዮ ዝውውር ክፍፅም ይክእል፣

ሐ.ካብ ሓደ ቤት ፅዮ ናብ ካልእ ቤት ፅዮ ብውድደር ይፍፀም፣

መ.ካብ ክልል ናብ ካልእ ክልል፣ ማዕረ ብዝኾነ ብርክን መሃያን እቲ ዝውውር ብስምምዕነት ይፍፀም፣

3.ዝኾነ ቀዋሚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ብምኽንያት ፀገም ጥዕና ኣብ ዝሓዞ ስራሕ መደብ ወይ ስራሕ ቦታ ክሰርሕ ዘይኽእል ምዃኑ ብሜዲካል ቦርድ እንትረጋገፅ፦

ሀ.ብተመሳሳሊ ብርኪ ክምደበሉ ዝኽእል ክፍቲ ስራሕ መደብ እንተሃልዩ ብዝሓዞ ብርኪ ወይ፣

ለ.ብተመሳሳሊ ብርኪ ክምደበሉ ዝኽእል ክፍቲ ስራሕ መደብ እንተዘይሃልዩ ሰራሕተኛ ኣብ ዝተሓተ ብርኪ ንምስራሕ ድሌት እንተሃልይዎ ዝሓዞ መሃያ ከይነከየ ኣብ ቤት ፅዩኡ ወይ ኣብ ካሊእ ቤት ፅዮ ናብ ዝስማዕመየ መደብ ስራሕ ወይ ስራሕ ቦታ ቀዳምነት ተዋሂቡዎ ይዛወር፣

4.ካብ ክልል ናብ ክልል፣ ካብ ክልል ናብ ፌደራል፣ ካብ ፌደራል ናብ ክልል ዝግበር ዝውውር ብቢሮ ዝውሰን ኮይኑ ወሃብን ተቐባልን ኣብያተ ፅዮ ክስማዕምዑ ኣለዎም፣

5.ብፍሉይ ኩነታት ብስምምዕነት ፌዴራልን ክልልን መንግስታት ሰራሕተኛ ተዛዊሩ ክሰርሕ ይኽእል፣ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣

6.መደብ ስራሕ ሓደ ሰራሕተኛ መንግስቲ

ለማገናኘት ሲባል የሰራተኛውን ስምምነት በመጠየቅ መስሪያቤቱ ዝውውር ሊፈፅም ይችላል፣

ሐ.ከአንድ መስሪያ ቤት ወደ ሌላ መስሪያ ቤት በውድድር ይፈፀማል፣

መ.ከክልል ወደ ሌላ ክልል፣ እኩል በሆነ ደረጃና ደመወዝ ዝውውሩ ብስምምነት ይፈፀማል፣

3.ማንኛውም ቋሚ የመንግስት ሰራተኛ በጤና መታወክ ምክንያት በያዘው የስራ መደብ ወይም ባለበት የስራ ቦታ ላይ ሊሰራ አለመቻሉ በሜዲካል ቦርድ ሲረጋገጥ፡

ሀ.በተመሳሳይ ደረጃ ሊመደብበት የሚችል ክፍት የስራ መደብ ካለ በያዘው ደረጃ ወይም፣

ለ.በተመሳሳይ ደረጃ ሊመደብ የሚችልበት ክፍት የስራ መደብ ከሌለና ሰራተኛው ዝቅባለ ደረጃ ለመስራት ፍቃደኛ ከሆነ ደመወዙ ሳይቀነስ በመስሪያ ቤቱ ወይም በሌላ መስሪያ ቤት ወደ ሚስማማው የስራ መደብ ወይም የስራ ቦታ ቅድሚያ ተሰጥቶት ይዛወራል፣

4.ከክልል ወደ ክልል፣ ከክልል ወደ ፌደራል ከፌደራል ወደ ክልል የሚደረግ ዝውውር በቢሮ የሚወሰን ሆኖ ሰጪና ተቀባይ መስሪያ ቤቶች መስማማት አለባቸው፣

5.በልዩ ሁኔታ በፌደራልና ክልል መንግስታት ስምምነት ሰራተኛ ተዛውሮ ሊሰራ ይችላል፣ ዝርዝሩ በመመሪያ ይወሰናል፣

6.የአንድ የመንግስት ሰራተኛ የስራ መደብ

እንተተሰሪዙ ኣብቲ ቤት ዕዮ ተመሳሳሊ ብርኪ ናብ ዘለዎ መደብ ስራሕ ይዛወር፣

7.ቢሮ ሓደ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ናብ ካልእ ቤት ዕዮ መንግስቲ እንትሕወስ ወይ እንትስረዝ ኣብ ትሕቲኡ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ኣብ ካልእ ቤት ዕዮ መንግስቲ ተዛዊሮም ክሰርሑ ክምድብ ይኽእል፣

8.ሰብ ሓዳር ንምርካብ ንሓደ መንግስቲ ሰራሕተኛ ብተመሳሳሊ ብርክን መሃያን፣ ኣዛዊርካ ምስራሕ ይከኣል።

**ዓንቀፅ 32.ብግዚያዊነት ናብ ካልእ ቤት ዕዮ ምምዳብ**

1.መንግስቲ ኣድላይ እንተኾይኑ ብስምምዕነት ሓደ ቀዋሚ ሰራሕተኛ መንግስትን መስርሒ ቤት ዕዮን ሓደ ዝተወሰነ ስራሕ ንምስራሕ ካብ ሓደ ዓመት ንዘይበልፅ ጊዜ ናብ ካልእ ቤት ዕዮ ብግዚያዊነት ተመዲቡ ክሰርሕ ይኽእል፣

2.ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ሕሉው ኮይኑ እቲ ስራሕ ልዕሊ ሓደ ዓመት ዝፀንሕ እንተኾይኑ ብስምምዕነት ሰራሕተኛ፣ መስሪሒ ቤት ዕዩ መንግስትን ተቀባሊ ቤት ዕዮ መንግስትን ብዝሓዞ ብርክን መሃያን ብቀዋምነት ክዛወር ይኽእል፣

3.ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ዝተዛወረ ሰራሕተኛ፡-

ሀ.ብምኽንያት ምዝዋሩ መሃይኡን ካልኦት ይረኽቦም ዝነበሩ ጥቕምታትን ኣይቕነስን፣

ለ.ተደላይ ክእለት ክሳብ ዘማለአ ኣብ ቖፃሪ ቤት ዕዮኡ ዝግበር ውድድር ብርኪ ዕብየት

የተሰረዘ እንደሆነ በመስሪያ ቤቱ ተመሳሳይ ደረጃ ወዳለው የስራ መደብ ይዛወራል፣

7.ቢሮ አንድ የመንግስት መስሪያ ቤት ከሌላ የመንግስት መስሪያ ቤት ጋር ሲቀላቀል ወይም ሲፈርስ በስሩ የነበሩ ሰራተኞች ወደ ሌላ የመንግስት መስሪያ ቤት ተዛውረው እንዲሰሩ ሊመድብ ይችላል፣

8.ባለትዳሮች ለማገናኘት አንድን የመንግስት ሠራተኛ በተመሳሳይ ደረጃና ደመወዝ አዛውሮ ማሰራት ይቻላል።

**አንቀፅ 32.በጊዚያዊነት ወደ ሌላ መስሪያ ቤት መመደብ**

1.መንግስት አስፈላጊ ሲሆን አንድ ቋሚ የመንግስት ሰራተኛ እና አሰሪ መስሪያ ቤት በስምምነት ለአንድ ለተወሰነ ስራ ለመስራት አንድ የመንግስት ሰራተኛ ከአንድ ዓመት ለማይበልጥ ጊዜ ወደ ሌላ መስሪያ ቤት በጊዚያዊነት ተመድቦ ሊሰራ ይችላል፣

2.የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተገለፀው እንደተጠበቀ ሆኖ ስራው ከአንድ ዓመት በላይ የሚቆይ ከሆነ በሰራተኛው፣ በአሰሪው የመንግስት መስሪያ በቤት እና በተቀባይ የመንግስት መስሪያ ቤት ስምምነት በያዘው ደረጃና ደመወዝ በቋሚነት ሊዛወር ይችላል፣

3.በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት የተዛወረ ሰራተኛ፡-

ሀ.በመዛወሩ ምክንያት ደመወዙና ሌሎች የነበሩ ጥቅማ ጥቅሞች አይቀነስበትም፣

ለ.ተፈላጊ ችሎታ እስከአሟላ በቀጣሪ መስሪያ ቤቱ የሚደረግ የደረጃ እድገት ውድድር

ክሳተፍን እንተበሊፁ'ውን ክምረፅን ይኽእል፣

ሐ.ፀብፃብ ውፅኢት ምዘና ኣፈፃፅማ ስርሑ ኣብ ዝተዛወረሉ ቤት ፅዮ ተመሊኡ ናብ ዝቖፀሮ ቤት ፅዮ ይለኣኽ፣

መ.ኣብ ዝተዛወረሉ ቤት ፅዮ ጥፍኣት ዲስፕሊን እንተፈፂሙ ኣብቆፃሪ ቤት ፅዮኡ ክሲ ጥፍኣት ዲስፕሊን ተመስሪትዎ ጥፍኣት ዲስፕሊን ካብዝፈፀሞ ቤት ፅዮ መረዳእታ ሰብን ሰነዳትን ብምቕራብ ስጉምቲ ጥፍኣት ዲስፕሊን ብዝቖፀሮ ቤት ፅዮ ይውሰዶ።

## ዓንቀፅ 33.ብተጠባባቕነት ምምዳብ

1.ዘገድድ ኩነታት እንተጋጥም ሓደ ቀዋሚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ብስምምዕነት ሰራሕተኛ ኣብ ዝለዓለ ብርኪ መደብ ስራሕ ካብ ሓደ ዓመት ንዘይበልፅ ብተጠባባቕነት ክምደብ ይኽእል።

2.ብተጠባባቕነት ዝተመደበ ሰራሕተኛ ዝተመደቦ መደብ ስራሕን መሃያን ሐዚ ዝኽፈሎ'ን ዘሎ መሃያን ኣፈላላይ 50% ኣበል ተጠባባቒነት ይኽፈሎ።

## ዓንቀፅ 34.ድልድል

1.ሰራሕተኛ መንግስቲ ካብ ሓደ ቤት ፅዮ ናብ ካሊእ ቤት ፅዮ ክድልደል ዝኽእል ቤት ፅዮኡ ምስ ካልእ ቤት ፅዮ እንትዋሃድ ወይ ተጠሚሩ ዝነበረ ቤት ፅዮኡ እንትፍለ ወይ ትርፊ ሓይሊ ሰብ እንትህሉ ወይ መደብ ስርሑ እንትስረዝ እዩ፣

2.ዝኾነ ቤት ፅዮ ሓዱሽ መሓውር እንተፅድቅ ሰራሕተኛ ብመሰረት መምርሒ ብድልድል ይምደብ፣



መሳተፍና በልጦ ከተገኘም መመረጥ ይችላል፣

ሐ.የስራ አፈፃፀም ምዘና ውጤት ሪፖርት በተዘዋረበት መስሪያቤት ተመልቶ ወደ ቀጣሪው መስሪያ ቤት ይላካል፣

መ.በተዛወረበት መስሪያ ቤት የዲስፕሊን ጥፋት ከፈፀመ በቀጣሪ መስሪያ ቤቱ የጥፋት ዲስፕሊን ክስ ተመስርቶበት የዲስፕሊን ጥፋት ከፈፀመበት መስሪያ ቤት የሰውና የሰነዶች ማስረጃ በማቅረብ የዲስፕሊን ጥፋት እርምጃ በቀጣሪው መስሪያ ቤት ይወሰድበታል።

## አንቀፅ 33.በተጠባባቂነት መመደብ

1.አስገዳጅ ሁኔታ ሲያጋጥም አንድ ቋሚ የመንግስት ሰራተኛ በሰራተኛው ስምምነት ከፍ ባለ የስራ መደብ ደረጃ ከአንድ ዓመት ለማይበልጥ በተጠባባቂነት ሊመደብ ይችላል፣

2.በተጠባባቂነት የተመደበ ሰራተኛ በተጠባባቂነት የተመደበበት የስራ መደብ ደመወዝ እና ከሚከፈለው ደመወዝ ያለው ልዩነት 50% የተጠባባቂነት አበል ይከፈለዋል።

## አንቀፅ34.ድልድል

1.የመንግስት ሰራተኛ ከአንድ መስሪያ ቤት ወደ ሌላ መስሪያቤት መደልደል የሚችለው መስሪያ ቤቱ ከሌላ መስሪያቤት ሲዋሃድ ወይም ተጠቃልሎ የነበረ መስሪያ ቤቱ ሲለይ ወይም ትርፍ የሰው ኋይል ሲኖር ወይም የስራ መደቡ ሲሰረዝ ነው፣

2.ማንኛውም መስሪያ ቤት አዲስ መዋቅር ሲያፀድቅ ሰራተኛ በመመሪያ መሰረት በድልድል ይመድባል፣

3.ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ን 2 ን ዝተመደበ ሰራሕተኛ ቅድም ክብል ሒዝዎ ዝነበረ መሃያ ኣይንከይን፣

4.ድልድል ሰራሕተኛታት መንግስቲ እዚ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

## ንኡስ ክፍሊ ኣርባዕተ

## ኣፈፃፅማ ስራሕ

### ዓንቀፅ 35.ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕ

1.ዕላማ ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕ ሰራሕተኛ መንግስቲ፡-

ሀ.ሰራሕተኛ ትፅቢት ብዝግበረሉ መጠን፣ ብርኪ ፅርየት፣ ወፃእን ጊዜን ብዝተማልአ ኩነት ስርሑ ክፍፅም ንምግባር፣

ለ.ጥንንኩርን ደኹምን ጎኒ ሰራሕተኛ ብምፍላይ ቀፃሊ ኣፈፃፅማ ስርሑ ብምምሕያሽ ውፅኢታዊ ክኸውን ምብቃዕን ተበግሶ ስርሑ ንምዕባይ፣

ሐ.ኣብ ብርኪ ዕብየት፣ ዝውውር፣ ቑፃር፣ ትምህርትን ስልጠናን ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣግባብ ዘለዎ ውሳነ ምውሳን፣

መ.ኣብ ውፅኢት ዝተመስረተ መተባብዒ ምሃብ።

2. ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕ ዝካየድ ካብ ቤት ፅዮ ናብ ዳይሬክቶሬት ካብ ዳይሬክቶሬት ናብ ጉጅለ ንፈፃሚ ስራሕን ተሽሪፉ ኣብ ዝተውሃበ ትልሚ ኣፈፃፅማ ስራሕ እዩ፣

3.ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕ ብግልፂ ንሰራሕተኛ መንግስቲ ብዘሳትፍ ኣገባብ ይፍፀም፣

4.ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወ'ውን ሰለስቲኦም ብርኽታት ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕ ውፅኢት ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕ ማዕረ



3.በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 እና 2 መሰረት የተመደበ ሰራተኛ ቀደም ሲል ይዞት የነበረ ደመወዝ አይቀነስም፣

4.የመንግስት ሰራተኞች ድልድል ቢሮ በሚያወጣው መመርያ መሰረት ይወሰናል።

## ንኡስ ክፍል አራት

## የስራ አፈጻጸም

### አንቀፅ 35.የስራ አፈጻጸም ምዘና

1.የመንግስት ሰራተኛ የስራ አፈፃፀም ምዘና አለማ፦

ሀ.ሰራተኛው በሚጠበቅበት መጠን፣ የጥራት ደረጃ፣ ጊዜ እና ወጪ በተሟላ ሁኔታ ስራው እንዲያከውን ለማድረግ፣

ለ.የሰራተኛው ጠንካራና ደካማ ጎን በመለየት ቀጣይ የስራ አፈፃፀም በማሻሻል ውጤታማ እንዲሆን ማብቃትና የስራ ተነሳሽነቱ ለማሳደግ፣

ሐ.የመንግስት ሰራተኛ የደረጃ እድገት፣ ዝውውር፣ ቅጥር፣ ትምህርትና ስልጠና አግባብ ያለው ውሳኔ መወሰን፣

መ.በውጤት ላይ የተመሰረተ ማትጊያ መስጠት።

2.የስራ አፈጻጸም ምዘና የሚካሄደው ከመስሪያ ቤት ወደ የሰራ ሂደት ከስራ ሂደት ወደ ወደ ቡድን እና ስራ ፈፃሚ ተመንዝሮ በተሰጠ የስራ አፈፃፀም እቅድ ነው፣

3.የውጤት ተኮር ምዘና ግልፅ እና የመንግስት ሰራተኛ በሚያሳትፍ አግባብ ይፈፅማል፣

4.የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 ቢኖርም ሦስቱ የስራ አፈፃፀም ምዘና ደረጃዎች የስራ አፈፃፀም ምዘና ውጤት እኩል ካልሆነ የመስሪያቤቱ የስራ

እንተዘይኮይኑ ናይቲ ቤት ዕዮ ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕ ገዛኢ ይኸውን፣

5.ዝርዝር ኣፈፃፅማ ምዘና ስራሕ ቢሮ ብዘውፅኦ መምርሒ ይውሰን።

<u>ዓንቀፅ 36.ወሰኽ መሃያን ኣወሳስና መተባበዒ</u>

1.ሰራሕተኛ መንግስቲ ወሰኽ እርከን መሃያ ዝረክብ ብስራሕ ኣፈፃፅማ ውፅኢት ተኮር መሰረት ብምግባር በቢ ክልተ ዓመቱ ይኸውን፣

2.ንኡስ ኣንቀፅ 1 እዚ ኣንቀፅ ሕሉው ኮይኑ ኣፈፃፅማ ስርሑ መሰረት ብምግባር ንሰራሕተኛ መንግስቲ መተባበዒ ይውሃብ፣

3.ቢሮ ምዘና ኣፈፃፅማ ስራሕ ብዛዕባ ዝፍፀመሉ ስርዓት፣ ወሰኽ ብርኪን መተባበዒ መፈፀሚ መምርሒ የውፅእ።

<u>ክፍሊ ኣርባዕተ</u>

<u>ሰዓት ስራሕን ዝተፈላለየ ፍቓድን</u>

<u>ንኡስ ክፍሊ ሓደ</u>

<u>ሰዓት ስራሕ</u>

<u>ዓንቀፅ 37.ስሩዕ ሰዓት ስራሕ</u>

ሰዓት ስራሕ ሰራሕተኛ መንግስቲ ከከም ባህሪ ስራሕ ዝውሰን ኮይኑ ኣብ ሰሙን 39 ሰዓት እዩ።

<u>ዓንቀፅ 38.መእተውን መውፅእን ሰዓት ስራሕ</u>

1.መእተውን መውፅእን ሰዓት ስራሕ ሰራሕተኛ መንግስቲ ብቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ይውሰን፣

2.ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ሕሉው ኮይኑ ፍሉይ ፀባይ ኣየር ዘለዎም ከባቢታት ቤት ምኽሪ ፈፃሚ

አፈፃፀም ምዘና ገገር ይሆናል፣

5.የስራ አፈፃፀም ምዘና ዝርዝር አፈፃፀም ቢሮ በሚያወጣው መመሪያ ይወሰናል።

<u>አንቀፅ 36.የደመወዝ ጭማሪና ማበረታቻ አወሳሰን</u>

1.የመንግሥት ሠራተኛ የደመወዝ እርከን ጭማሪ የሚያገኘው በሥራ አፈጻጸም ምዘና ውጤት ላይ በመመስረት በየሁለት ዓመቱ ይሆናል፣

2.የዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 1 እንደተጠበቀ ሆኖ የሥራ አፈጻጸም ውጤትን መሰረት በማድረግ ለመንግስት ሠራተኛ ማበረታቻ ይሰጣል፣

3.ቢሮ የሥራ አፈጻጸም ምዘና ስለሚከናወንበት ሥርአት፣ የእርከን ጭማሪ እና ማበረታቻ ማስፈፀምያ መመሪያ ያወጣል።

<u>ክፍል አራት</u>

<u>የስራ ሰዓትና ልዩ ልዩ ፈቃድ</u>

<u>ንኡስ ክፍል አንድ</u>

<u>የስራ ሰዓት</u>

<u>አንቀፅ 37.መደበኛ የስራ ሰዓት</u>

የመንግስት ሰራተኛ መደበኛ የስራ ሰዓት እንደ ስራው ሁኔታ የሚወሰን ሆኖ በሳምንት 39 ሰዓት ነው።

<u>አንቀፅ 38.የስራ መግቢያና መውጫ ሰዓት</u>

1.የመንግስት ሰራተኛ የስራ መግቢያና መውጫ ሰዓት በስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ይወሰናል፣

2.የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 እንደተጠበቀ ሆኖ ልዩ የአየር ጠባይ ሁኔታ ያላቸው

ስራሕ ዝተፈለየ መእተውን መውፅእን ሰዓት ስራሕ ይውስን።

**ዓንቀፅ 39.ስራሕ ትርፊ ሰዓት**

1.ካብ ስሩዕ ሰዓት ስራሕ ወፃኢ ብትርፊ ጊዜ ስራሕ ምስራሕ ዘገድድ ኩነታት እንትርከብ ብትርፊ ግዚኡ ክሰርሕ ዝተገበረ ሰራሕተኛ ቀፂሉ ኣብ ዘሎ መዓልቲ ስራሕ መኪሓሓሲ ዕረፍቲ ይወሃቦ፣

2.ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ሕሉው ኮይኑ ፍሉይ ናይ ስራሕ ባህሪ ንዘለዎም ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ቢሮ ብዝቕርቦ መምርሒ ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ምስ ኣፅደቆ ተፈፃሚ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 40.ህዝባዊ በዓላት ንሰሙናዊ ዕረፍትን**

1.ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ ህዝባዊ በዓላትን ሰሙናዊ ዕረፍትን ብውሳነ መንግስቲ ኣብያተ ፅዮ ዕፅው ኮይኖም ኣብ ዝወዓልሉ ጊዜ ብዘይምስርሑ መሃይኡ ኣይንከይን፣

2.ኩነታት ስራሕ ኣገዲዱ ብላዕለዋይ ሓላፊ ተኣዚዙ ኣብ ናይ ህዝቢ በዓላትን ሰሙናዊ ዕረፍትን ዝሰርሐ ሰራሕተኛ ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 39 ዝተደንገገ ይፍፀም።

**ንኡስ ክፍሊ ክልተ**

**ፍቓድ**

**ዓንቀፅ 41.ዕላማ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ**

1.ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቲ ዝውሃብ ሰራሕተኛ መንግስቲ ንዝተወሰነ ጊዜ ካብ ስርሑ ብምዕራፍ ብሓዱሽ መንፈስ ስርሑ ክቕፅል ንምኽኣል እዩ፣

2.ዝኾነ ሓዱሽ ተቖፃሪ ሰራሕተኛ መንግስቲ ንዓሰርተ ሓደ ወርሒ ከየገልገለ ፍቓድ ዓመታዊ

አከባቢዎች የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት የተለየ የስራ ሰዓት መግቢያና መውጫ ይወስናል።

**አንቀፅ 39.የትርፍ ሰዓት ስራ**

1.ከመደበኛ የስራ ሰዓት ውጪ በትርፍ ጊዜ ስራ ለመስራት የሚያስገድድ ሁኔታ ሲያጋጥም በትርፍ ጊዜው እንዲሰራ የተደረገው ሰራተኛ ቀጥሎ ባለው የስራ ቀን መካካሻ እረፍት ይሰጠዋል፣

2.የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 የተደነገገው እንደተጠበቀ ሆኖ ልዩ የስራ ባህሪ ያላቸው የመንግስት መስሪያ ቤቶች ቢሮ በሚያቀርበው መመርያ መሰረት የስራ አስፈፃሚ ምክር ቤት ካፀደቀው በኋላ ተፈፃሚ ይሆናል።

**አንቀፅ 40.የህዝብ በአላትና የሳምንት እረፍት**

1.ማንኛውም የመንግስት ሰራተኛ በህዝብ በዓላት፣ በሳምንት የእረፍት ቀናትና በመንግስት ውሳኔ መስሪያ ቤቶች ዝግ ሆነው በሚውልበት ቀን ባለመስራቱ ደመወዙ አይቀነስበትም፣

2.የስራው ሁኔታ አስገድዶ በበላይ ሃላፊ ታዞ በህዝብ በአላት እና በሳምንት እረፍት የሰራ ሰራተኛ በዚህ አዋጅ አንቀፅ 39 የተደነገገ ተፈፃሚ ይሆናል።

**ንኡስ ክፍል ሁለት**

**ፈቃድ**

**አንቀፅ 41.የዓመት ዕረፍት ፍቃድ ዓላማ**

1.የዓመት ዕረፍት ፈቃድ የሚሰጠው የመንግስት ሰራተኛ ለተወሰነ ጊዜ ከስራው በማረፍ በታደሰ መንፈስ ስራው እንዲቀጥል ለማስቻል ነው፣

2.ማንኛውም አዲስ ተቀጣሪ የመንግስት ሰራተኛ የአስራ አንድ ወር አገልግሎት ከመሰጠቱ በፊት

ዕረፍቲ ክረክብ መሰል የብሉን።

**ዓንቀፅ 42.መዓልቲ ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቲ**

1.ሓደ ዓመት ዘገልግለ ሰራሕተኛ መንግስቲ 20 መዓልቲ ስራሕ ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቲ ይወሃቦ፣

2.ልዕሊ ሓደ ዓመት ንዘገልገለ ሰራሕተኛ መንግስቲ ንሕድ ሕድ ተወሳኺ ዓመት ሓደ መዓልቲ ስራሕ እናተወሰኸ ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቲ ይውሃቦ። እዚ ከም ዘሎ ኮይኑ ናይ ሓደ ዓመት ዝውሃቦ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ካብ 30 መዓልቲ ስራሕ ክበልፅ የብሉን፣

3.ኣብ ካሊእ ቤት ፅዮ መንግስቲ ዝተውሃበ ግልጋሎት ነዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ኣፈፃፅማ ዝሕሰብ ይኸውን፣

4.ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ብገንዘብ ኣይልወጥን ኮይኑ ግና ሰራሕተኛ መንግስቲ ግልጋለቱ ብምቁራፁ ዘይተወሰደ ዓመት ዕረፍቲ ፈቓድ ብገንዘብ ክልወጥ ይግበር።

**ዓንቀፅ 43.ኣወሃህባ ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቲ**

1.ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቲ ድልየት ቤት ፅዮን ሰራሕተኛን መሰረት ብምግባር ብዝዳሎ ፕሮግራም ኣብ ውሽጢ በጀት ዓመት ይወሃብ፣

2.ሰራሕተኛ ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቲ እንትወስድ ኣብ ዕረፍቲ ዝፀንሐሉ ወርሓዊ መሃይኡ ኣቐዲሙ ክወስድ ይኽእል፣

3.ዓንቀፅ 41 (2) እዚ ኣዋጅ ሕሉው ኮይኑ ሓደ ሰራሕተኛ መንግስቲ ዓሰርተ ሓደ ወርሒ ምስ ወደአ ኣብ ዘገልገሎ በጀት ዓመት ንዝሃቦ ግልጋሎት ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ብዘገልገሎ

የዓመት እረፍት ፈቃድ የማግኘት መብት የለውም።

**አንቀፅ 42.የዓመት እረፍት ፈቃድ ቀናት**

1.አንድ ዓመት ያገለገለ የመንግስት ሰራተኛ 20 የስራ ቀናት የዓመት እረፍት ፈቃድ ይሰጠዋል፣

2.ከአንድ ዓመት በላይ ያገለገለ የመንግስት ሰራተኛ ለእያንዳንዱ ተጫማሪ ዓመት አንድ የስራ ቀን እየታከለበት የዓመት ፈቃድ ይሰጠዋል። ይህ እንደተጠበቀ ሆኖ የሚሰጠው የአንድ አመት የእረፍት ፈቃድ ከ30 የስራ ቀን መብለጥ የለበትም፣

3.በሌላ የመንግስት መስሪያቤት የተሰጠ አገልግሎት ለዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 አፈፃፀም የሚታሰብ ይሆናል።

4.የዓመት ዕረፍት ፈቃድ በገንዘብ አይለወጥም፤ ሆኖም የሠራተኛው አገልግሎት በመቋረጡ ያልተወሰደ የዓመት ዕረፍት ፈቃድ በገንዘብ እንዲለወጥ ይደረጋል።

**ዓንቀፅ 43.የዓመት እረፍት ፈቃድ አሰጣጥ**

1.የዓመት እረፍት ፈቃድ የመስሪያቤት እና የሰራተኛው ፍላጎት መሰረት በማድረግ በሚዘጋጅ ፕሮግራም በበጀት ዓመቱ ውስጥ ይሰጣል፣

2.ሰራተኛ የዓመት እረፍት ፈቃድ ሲወስድ በእረፍት ለሚቆይበት የወር ደመወዙ አስቀድሞ መውሰድ ይችላል፣

3.የዚህ አዋጅ አንቀጽ 41 (2) እንደተጠበቀ ሆኖ አንድ የመንግሥት ሠራተኛ አስራ አንድ ወሩን ካጠናቀቀ በኋላ ባገለገለበት በጀት ዓመት ለሰጠው አገልግሎት የዓመት ዕረፍት ፈቃዱ

መጠን ተሓሲቡ ንክውሃቦ ይግበር፣

4.ንኡስ ዓንቀፅ 1 ን 2 እዚ ዓንቀፅ ሕሉው ኮይኑ እዋን ፈተንኡ ዝወደአ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ ካሊእ መንግስታዊ ቤት ፅዮ እናሰርሐ ዝፀንሐን ኣብ ካሊእ ቤት ፅዮ 11 ወርሒ ዘገልገለ እንተኾይኑ 11 ወርሒ ከይተፀበየ ፍቓድ ዓመታዊ ዕረፍቲ ምጥቓም ይኽእል።

ዓንቀፅ 44.ምምሕልላፍ ፈቓድ ዓመት ዕረፍቲ

1.ዓንቀፅ 43(1) እዚ ኣዋጅ ሕሉው ኮይኑ ኩነታት ስራሕ ኣገዲዱ ኣብ ውሽጢ እቲ በጀት ዓመት ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ክወሃቦ ዘይኽኣለ ሰራሕተኛ ላዕለዋይ ሓላፊ ቤት ፅዮ ካብ ክልተ በጀት ዓመት ንዘይበልፅ ጊዜ ከመሓላልፎ ይክእል፣ ኮይኑ ግና ዘይተጠቐመሉ ዓመት ዕረፍቲ ፈቓድ ኣብ ሳልሳይ በጀት ዓመት ክውሃብ ኣለዎ።

2.ኣብዚ ኣዋጅ ኣንቀፅ 42(4) ሕሉው ኮይኑ ዝኾነ መንግስታዊ ቤት ፅዮ ብመሰረት ንዑስ ኣንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ፈቓድ ዓመት ዕረፍቱ ንዝመሓለለፈሉን ፈቓዱ ብገንዘብ ተለዊጡ ንክውሃቦ ንዝሓትት ሰራሕተኛ ኣቐዲምካ በጀት ብምትሓዝ ካብ ዝመሓላለፈሉ ፈቃድ ዓመት ዕረፍቲ ውሽጢ ናይ ቀዳማይ ሓደ ዓመት ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ጥራሕ ብገንዘብ ተለዊጡ ክውሃቦ ኣለዎ፣

3.ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ሰራሕተኛ መንግስቲ ብገንዘብ እንትልወጥ ናይ ሓደ መዓልቲ መሃያ ዝሕሰብ ዘይተፃረየ ወርሒ መሃይኡ ን30 መዓልቲ

በአገልግሎቱ መጠን ተሰልቶ እንዲሰጠው ይደረጋል፣

4.ንኡስ አንቀፅ 1 እና 2 እንደተጠበቀ ሆኖ የሙከራ ጊዜው ያጠናቀቀ የመንግስት ሰራተኛ በሌላ የመንግስት መስሪያ ቤት ሲሰራ የቆየና በሌላ መስሪያ ቤት 11 ወር ያገለገለ ከሆነ የ11 ወር ቆይታ ሳይጠብቅ የአመት እረፍት ፈቃድ መጠቀም ይችላል።

አንቀፅ 44.የዓመት እረፍት ፈቃድ ማስተላለፍ

1.የዚህ አዋጅ አንቀጽ 43(1) እንደ ተጠበቀ ሆኖ የሥራው ሁኔታ በማስገደዱ ምክንያት መሥሪያ ቤቱ ለሠራተኛው የዓመት ዕረፍት ፈቃዱን በበጀት ዓመቱ ውስጥ ያልተሰጠው እንደሆነ የመሥሪያ ቤቱ የበላይ ኃላፊ ከሁለት የበጀት ዓመት ላልበለጠ ጊዜ ሊያስተላልፈው ይችላል፣ ሆኖም ያልተጠቀመበት የዓመት ዕረፍት ፈቃድ በሦስተኛው በጀት ዓመት ለሠራተኛው መሰጠት አለበት።

2.የዚህ አዋጅ አንቀጽ 42(4) ድንጋጌ ቢኖርም ማንኛውም የመንግሥት መሥሪያ ቤት በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 1 መሠረት የዓመት ዕረፍት ፈቃዱ ለሚተላለፍለትና ፈቃዱ በገንዘብ ተለውጦ እንዲሰጠው ለሚጠይቅ ሠራተኛ በጀት በቅድሚያ በማስያዝ ከተላለፈው የዓመት ዕረፍት ፈቃድ ውስጥ የመጀመሪያውን የአንድ ዓመት ዕረፍት ፈቃድ ብቻ በገንዘብ ተለውጦ እንዲሰጠው ማድረግ አለበት፣

3.የመንግሥት ሠራተኛ የዓመት ዕረፍት ፈቃድ በገንዘብ ሲለወጥ የሠራተኛው የአንድ ቀን ደመወዝ የሚታሰበው ያልተጣራ የወር

ብምምቃል እዩ።

**ዓንቀፅ 45.ዘይተወሰደ ፈቓድ ዓመት ዕረፍቲ**

1.ብምኽንያት ኣገዳሲ ስራሕ እቲ ቤት ዕዮ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቱ እንተይወሰደ ብምኽንያት ጡረታ ካብ ስርሑ ብምቁራፁ ዘይወሰዶ ዝፀንሐ ፈቓድ ዓመት ዕረፍቱ ብገንዘብ ተሓሲቡ ይውሃቦ፣

2.ይሰርሓሉ ካብ ዝነበረ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ብመሰረት ዓንቀፅ 44(1) ዝተመሓላለፈሉ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ናብ ዝተዛወረሉ ወይ ዝተደልደለሉ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ይመሓላለፈሉ።

**ዓንቀፅ 46.ፍቓድ ወሊድ**

1.ነፍሰ ፁር ሰራሕተኛ መንግስቲ፡-

ሀ.ብመሰረት ትእዛዝ ሓኪም ምስ ቅድመ ወሊድ ዝተተሓሓዘ ምርመራ ንምግባር መሃያ ዝኽፈሎ ፍቓድ ይወሃባ፣

ለ.ቅድሚ ምውላዳ ዕረፍቲ ንክትወስድ ሓኪም እንተኣዚዙ መሃያ ዝኽፈሎ ዕረፍቲ ይወሃባ፣

2.ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ፍቓድ ከም ፍቓድ ሕማም ኣይቑፀርን፣

3.ነፍሰ ፁር ሰራሕተኛ መንግስቲ እዋን መውለዲኣ እንተቐሪቡ ክወልድ እየ ኢላ ካብ ዝገመተትሉ ጊዜ ንቅድሚት 30 ተኸታተልቲ መዓልቲ ቅድመ ወሊድ ፍቓድ ከምኡ'ውን ካብ ዝወለደትሉ እዋን ጀሚሩ 90 ተኸታተልቲ መዓልቲ ፍቓድ ወሊድ ብጠቕላላ 120 ተኸታተልቲ መዓልቲ መሃያ ዝኽፈሎ ፍቓድ ወሊድ ይወሃባ፣

4.ብመሰረት ንኡስ ኣንቀፅ 3 እዚ ኣንቀፅ እታ

ደመወዙን ለ30 ቀናት በማካፈል ነው።

**አንቀፅ 45.ያልተወሰደ የዓመት ዕረፍት ፈቃድ**

1.በመስሪያ ቤቱ አስፈላጊ ስራ ምክንያት ዓመት ዕረፍት ሳይወስድ በጡረታ ምክንያት ስራው በማቋረጡ ሳይወስደው የቆየውን የዓመት ዕረፍት ፈቃድ በገንዘብ ታስቦ ይሰጠዋል፣

2.ሠራተኛው በነበረበት የመንግሥት መሥሪያ ቤት በአንቀጽ 44(1) መሠረት የተላለፈለት የዓመት ዕረፍት ፈቃድ ወደ ተዛወረበት ወይም ወደ ተደለደለበት የመንግሥት መሥሪያ ቤት ይተላለፍለታል።

**አንቀፅ 46.የወሊድ ፈቃድ**

1.ነፍሰ ጡር የመንግስት ሰራተኛ፡-

ሀ.ከእርግዝናዋ ጋር የተያያዘ ምርመራ ለማድረግ ሀኪም በሚያዘው መሰረት ደመወዝ የሚከፈልበት ፈቃድ ይሰጣታል፣

ለ.ከመውለዱ በፊት እረፍት እንድታደርግ ሃኪም ካዘዘ ደመወዝ የሚከፈልበት እረፍት ይሰጣታል፣

2.በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 1 የተመለከተው ፈቃድ እንደህመም ፈቃድ አይቆጠርም፣

3.ነፍሰጡር የሆነች የመንግስት ሰራተኛ መውለጃዋ ሲደርስ እወልዳለሁ ብላ ከገመተችበት ቀን በፊት 30 ተከታታይ ቀናት የቅድመ ወሊድ ፈቃድ እንዲሁም ስትወልድ ከወለደችበት ጊዜ ጀምሮ 90 ተከታታይ ቀናት በአጠቃላይ 120 ተከታታይ ቀናት ደመወዝ የሚከፈልበት የወሊድ ፈቃድ ይሰጣታል፣

4.በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 3 መሠረት

ሰራሕተኛ ዝተውሃባ ፈቓድ ቅድመ ወሊድ ቅድሚ ምውድኡ እንተወሊዳ ወይ ፍቓድ ቅድመ ወሊድ ከይወሰደት እንተወሊዳ ዘይተጠቐመትሉ ፈቓድ ቅድመ ወሊድ ድሕሪ ምውላዳ ክትጥቀመሉ ይግበር፣

5.እታ ሰራሕተኛ ዝወሰደቶ ፍቓድ ቅድመ ወሊድ ክውዳእ ከሎ እንተዘይወሊዳ ክሳብ እትወልደሉ ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልቲ ዕረፍቲ ካብቲ በጀት ዓመት ዘለዋ ናይ ዓመት ዕረፍቲ ወይ ዘይብላ እንተኾይኑ ኣብ ዝቕፅል በጀት ዓመት ዝህልዋ ዕረፍቲ ፍቓድ ዝትካእ ፍቓድ ቅድመ ወሊድ ይወሃባ፣

6.በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተፈቐደ ፍቓድ ወሊድ ምስወደአት እንተሓሚማ ተወሳኺ ፍቓድ ዘድልያ ምዃኑ ብሓኪም እንተተረጋጊፁ ኣብ ዓንቀፅ 47 እዚ ኣዋጅ ብዝተደንገገ መሰረት ፍቓድ ሕማም ክትወስድ ትኽእል፣

7.ሽድሽተ ወርሒ ዝመልኣ ነፍሰ ፁር ሰራሕተኛ መንግስቲ ቅድሚ ፍቓድ ቅድመ ወሊድ ምውሳዳ ጥንሲ ዝተነፀላ እንተኾይኑ ነዚ ዘረጋግፅ መረዳእታ ሕክምና ምስ ኣቕረበት 60 መዓልቲ ድሕረ ወሊድ ፈቓድ ይውሃባ፣

8.ፈቓድ ቅድመ ወሊድ ምስ ወሰደት ምንፃል ጥንሲ እንተጋጢምዋ ዝወሰደቶ ፍቓድ ቅድመ ወሊድ ተቑሪፁ ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 3 እዚ ዓንቀፅ ድህረ ወሊድ 90 መዓልቲ ፈቓድ ይውሃባ፣

9.ካብ ሰለስተ ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ኣብ ዘሎ ጊዜ ውሽጢ ምቑራፅ ጥንሲ ዘጋጠማ ሰራሕተኛ

ሠራተኛዋ የተሰጣት የቅድመ ወሊድ ፈቃድ ከማለቁ በፊት ከወለደች ወይም የቅድመ ወሊድ ፈቃድ ከመውሰዱ በፊት ከወለደች ያልተጠቀመችበትን ቅድመ ወሊድ ፈቃድ ከወለደች በኋላ እንድትጠቀምበት ይደረጋል።

5.ሰራተኛዋ የወሰደችው የቅድመ ወሊድ ፈቃድ ሲያልቅ ያልወለደች እንደሆነ እስከ ምትወልድበት ቀን ድረስ ባሉት የስራ ቀናት የምትቆይበት እረፍት በበጀት ዓመቱ ካላት የአመት ዕረፍት ፈቃድ ወይም የሌላት እንደሆነ ከሚቀጥለው የበጀት ዓመት ካላት የዓመት እረፍት ፈቃድ የሚተካ የቅድመ ወሊድ ፈቃድ ይሰጣታል፣

6.በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 3 የተወሰነውን የወሊድ ፈቃድ ከጨረሰች በኃላ ብትታመምና ተጨማሪ ፈቃድ የሚያስፈልጋት መሆኑ በሃኪም ከተረጋገጠ በዚህ አዋጅ አንቀፅ 47 በተደነገገው መሰረት የሕመም ፈቃድ መውሰድ ትችላለች፣

7.ስድስት ወር የሞላት ነፍሰጡር የመንግስት ሠራተኛ የቅድመ ወሊድ ፈቃድ ከመውሰዱ በፊት ጽንሱ የተቋረጠባት ከሆነ ይህንኑ የሚያረጋግጥ የህክምና ማስረጃ ስታቀርብ የ60 ቀን የድህረ ወሊድ ፈቃድ ይሰጣታል።

8.የቅድመ ወሊድ ፈቃድ ከወሰደች በኋላ የጽንስ መቋረጥ ካጋጠማት የወሰደችው የቅድመ ወሊድ ፈቃዱ ተቋርጦ በዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀጽ 3 የተመለከተው የ90 ቀን የድህረ ወሊድ ፈቃድ ይሰጣታል።

9.ከሦስት እስከ ስድስት ወር ባለው የእርግዝና ጊዜ ውስጥ የፅንስ መቋረጥ ያጋጠማት የመንግሥት

መንግስቲ መሃያ ዝክፈሎ 30 ተከታታሊ መዓልቲ ፍቓድ ይውሃብ፣

10.በዓልቲ ቤቱ ዝወለደት ሰራሕተኛ መንግስቲ ስድራ ቤቱን በዓልቲ ቤቱን ንምሕብሓብ መሃያ ዝኽፈሎ ዓሰርተ መዓልቲ ስራሕ ፍቓድ ይወሃቦ።

ሠራተኛ ደመወዝ የሚከፈልበት 30 ተከታታይ ቀን ፈቃድ ይሰጣታል።

10.ባለቤቱ የወለደች የመንግስት ሰራተኛ ቤተሰቡ እና ባለቤቱን ለመንከባከብ ደመወዝ የሚከፈልበት አስር የስራ ቀን ፈቃድ ይሰጠዋል።

__ዓንቀፅ 47.ፍቓድ ሕማም__

1.ሰራሕተኛ መንግስቲ ብምኽንያት ሕማም ስራሕ ክሰርሕ እንተዘይኪኢሉ ፍቓድ ሕማም ይወሃቦ፣

2.ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ንቀዋሚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ዝውሃብ ፍቓድ ሕማም ብተኸታታሊ ወይ ብዝተፈላለየ ጊዜ እንተተወሰደ'ውን ሕማሙ ካብ ዝጀመሮ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ዘሎ ዓሰርተ ክልተ ወርሒ ንሸሞንተ ወርሒ ወይ ኣብ አርባዕተ ዓመት ውሽጢ ካብ ዓሰርተ ክልተ ወርሒ ኣይበልፅን፣

3.ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 2 እዚ ዓንቀፅ ዝውሃብ ሕማም ፍቓድ ንመጀመሪያ ሽዱሽተ ወርሒ ምስ ሙሉእ መሃይኡ ንዝቕፅል ክልተ ወርሒ ምስ ፍርቂ መሃይኡ ይኸውን። ብሕማም ኤች. ኣይ. ቪ ኤድስ እንተኾይኑ ግና ሸሞንተ ወርሒ ምስ ሙሉእ መሃያ ንዝተረፈ ኣርባዕተ ወርሒ ብዘይ መሃያ ፍቓድ ሕማም ይወሃቦ፣

4.ፈተነ እዋኑ ዘይወደአ ሰራሕተኛ መንግስቲ እንተሓሚሙ መረዳእታ ሕክምና ብምቕራብ ናይ ሓደ ወርሒ ፍቓድ ሕማም ምስ መሃይኡ ይውሃቦ፣

5.ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ እንትሓምም፡-

ሀ.ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኾነ ምኽንያት

__አንቀፅ 47.የሕመም ፈቃድ__

1.የመንግስት ሰራተኛ በሕመም ምክንያት ስራ መስራት ያልቻለ እንደሆነ የህመም ፈቃድ ይሰጠዋል፣

2.በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት ቋሚ የመንግስት ሰራተኛ የሚሰጥ የሕመም ፈቃድ በተከታታይ ወይም በተለያየ ጊዜ ቢወስድም ሕመሙ ከጀመረበት ቀን አንስቶ ባለው አስራ ሁለት ወር ጊዜ ውስጥ ከስምንት ወር ወይም በአራት ዓመት ውስጥ ከአሥራ ሁለት ወር አይበልጥም፣

3.በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 2 መሰረት የሚሰጥ የሕመም ፈቃድ ለመጀመሪያዎች ስድስት ወራት ከሙሉ ደመወዙ ጋር፣ ለሚቀጥሉት ሁለት ወራት ከግማሽ ደመወዙ ጋር ይሆናል። ኤች.አይ.ቪ ኤድስ ሕመም ከሆነ ግን የስምንት ወር ሙሉ ደመወዝ ለቀረው አራት ወር ያለ ደመወዝ የህመም ፈቃድ ይሰጠዋል፣

4.የሙከራ ጊዜውን ያላጠናቀቀ የመንግሥት ሠራተኛ ከታመመ የህክምና ማስረጃ የሚቀርብበት የአንድ ወር የሕመም ፈቃድ ከደመወዝ ጋር ይሰጠዋል፣

5.ማንኛውም የመንግስት ሰራተኛ ሲታመም፡-

ሀ. ከአቅም በላይ የሆነ ምክንያት ከላጋጠመው

እንተዘይኣጋጢምዎ ብዝተኸኣለ ቅልጣፈ ኣብ ሓሙሽተ ተኸታታሊ መዓልቲ ስራሕ ውሽጢ ምሕማሙ ንቤት ፅዮኡ ከፍልጥ ኣለዎ፣

ለ.ብምኽንያት ሕማም ብተኸታታሊ ንልዕሊ ሰለስተ መዓልቲ ወይ ኣብ ውሽጢ ሓደ በጀት ዓመት ንልዕሊ ሽዱሽተ መዓልቲ ካብ ስራሕ እንተተረፉ ንምሕማሙ ናይ ሕክምና መረዳእታ ከቕርብ ኣለዎ፣

6.ቀዋሚ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኮይኑ ኣብ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ እናሃለወ እንተሓሚሙ መረጋገፂ መረዳእታ ሕክምና እንተኣቕሪቡ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቱ ተቛሪፁ ፍቓድ ሕማም ይውሃቦ፣

7.ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 6 እዚ ዓንቀፅ ዝተቛረፀ ፍቓድ ዓመት ዕረፍቲ ፍቓድ ሕማሙ ምስ ተወደአ ንክቕፅል ይግበር፣

8.ሓደ ሰራሕተኛ መንግስቲ ባዕሉ ዘመሓድሮ ስድርኡ ሓሚሙዎ መለዓሊ ምዃኑ መረዳእታ ሕክምና ፍቓድ እንተኣምፂኡ ኣብ ሓደ በጀት ዓመት ካብ 15 ተኸታታሊ መዓልቲ ዘይበልፅ ፈቓድ ሕክምና ይውሃቦ።

**ዓንቀፅ 48.ፍቓድ መርዓ**

ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ መርዓ እንትፍፅም መሃያ ዝኽፈሎ ሸውዓተ ተኸታታሊ መዓልቲ ስራሕ ፍቓድ መርዓ ይወሃቦ።

**ዓንቀፅ 49.ፍቓድ ሓዘን**

1.ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ በዓልቲ ሓዳሩ፣ ወላዲኡ፣ ውላዱ ወይ ክሳብ 2ይ ብርኪ ዝቐፀር ናይ ስጋ ወይ መውስቦ ቤተሰቡ ብሞት እንተተፈልይዎ መሃያ ዝኽፈሎ ሰለስተ ተኸታታሊ መዓልቲ ስራሕ ፍቓድ ሓዘን



በሰተቀር በተቻለ ፍጥነት በአምስት ከታታይ የስራ ቀናት ውስጥ መታመሙ ለመስሪያ ቤቱ ማሳወቅ አለበት፣

ለ.በተከታታይ ከሦስት ቀን ወይም ከአንድ የበጀት አመት ውስጥ ከስድስት ቀን በላይ በሕመሙ ምክንያት ከስራ የቀረ እንደሆነ ለመታመሙ የሕክምና ማስረጃ ማቅረብ አለበት፣

6.ቀዋሚ የመንግስት ሰራተኛ በዓመት ፈቃድ ላይ እያለ መታመሙን የሚያረጋግጥ የህክምና ማስረጃ ካቀረበ የዓመት ፈቃዱ ተቋርጦ የሕመም ፈቃድ ይሰጠዋል፣

7.በዚህ አንቀጽ ንዑስ አንቀጽ 6 መሠረት የተቋረጠው የዓመት ፈቃድ የሕመም ፈቃዱ እንደተጠናቀቀ እንዲቀጥል ይደረጋል፣

8.አንድ የመንግስት ሰራተኛ ራሱ የሚያስተዳድረው ቤተሰቡ ታሞበት አስታማሚ መሆኑ የሕክምና መረጃ ካቀረበ በአንድ የበጀት ዓመት ውስጥ ከ15 ተከታታይ ቀናት ላልበለጠ የህክምና ፈቃድ ይሰጠዋል።

**አንቀፅ 48.የጋብቻ ፈቃድ**

ማንኛውም የመንግስት ሰራተኛ ጋብቻ ሲፈፅም ደመወዝ የሚከፈልበት ሰባት ተከታታይ የስራ ቀን የጋብቻ ፈቃድ ይሰጠዋል።

**አንቀፅ 49.የሀዘን ፈቃድ**

1.ማንኛውም የመንግስት ሰራተኛ ባለቤቱ፣ ወላጁ፣ ተወላጅ ወይም እስከ 2ኛ ደረጃ የሚቆጠር የስጋ ወይም የጋብቻ ቤተሰቡ በሞት ሲለይ ደመወዝ የሚከፈልበት ሦስት ተከታታይ የስራ ቀናት የሀዘን ፈቃድ ይሰጠዋል፣

ይወሃቦ፣

2.ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተገለፀ ወፃኢ ቀረባ ዘመዱ ወይ ፈታዊኡ እንተመይትዎ ሓደ መዓልቲ ስራሕ መሃያ ዝኽፈል ፍቓድ ሓዘን ይወሃቦ። ኮይኑ ግና ኣብ ሓደ በጀት ዓመት ካብ ሽዱሽተ መዓልቲ ስራሕ ክበልፅ የብሉን።

## ዓንቀፅ 50.ፍቓድፈተና

1.ብኣፍልጦ ቤት ዕዮ ትምህርቲ ዝመሃር ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ ሕድ ሕድ መጠቓለሊ ሴሚስተር ንሰለስተ ተኸታታሊ ስራሕ መዓልቲ መሃያ ዝኽፈሎ ፍቓድ ፈተና ይውሃቦ፣

2.ብኣፍልጦ ቤት ዕዮ ዝምሃር ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ በቢ ሴሚስተሩ ውፅኢት ፈተና ናብ ቤት ዕዮ ዘቕርብ ይኸውን። ውፅኢት ፈተና ዘየቕርብ ሰራሕተኛ መንግስቲ ዝሓቶ ፍቓድ ፈተና ተቐባልነት የብሉን።

## ዓንቀፅ 51.መሃያ ዝኽፈሎ ፍሉይ ፍቓድ

ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ፡-

1.ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ ወይ ብካልእ ስልጣን ዝተውሃቦ ኣካል መፀዋዕታ እንተበፂሕዎ ዝተፀወዐሉ ዋኒን ክሳብ ዝውዳእ፣

2.ኣብ ህዝባዊ መረፃ ንክሕግዝ ዝምደብ ሰራሕተኛ መንግስቲ ወይ ሕፁይ ተወዳዳሪ እንተኾይኑ ቦርድ መረፃ ኢትዮጵያ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ይፍፀም።

2.የመንግስት ሰራተኛ በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 ከተጠቀሰው ውጪ የቅርብ ዘመዱ ወይ ወዳጁ ሲሞት ደመወዝ የሚከፈልበት አንድ የስራ ቀን የሀዘን ፈቃድ ይሰጣዋል።ሆኖም በአንድ የበጀት ዓመት ውስጥ ከስድስት የስራ ቀናት መብለጥ የለበትም።

## ዓንቀፅ 50.የፈተናፈቃድ

1.በመስሪያ ቤቱ እውቅና ትምህርት የሚማር የመንግስት ሰራተኛ በያንዳንዱ የሴሚስተር ማጠናቀቂያ ፈተና ሦስት ተከታታይ የስራ ቀናት ደመወዝ የሚከፈለው የፈተና ፈቃድ ይሰጠዋል፣

2.በመስሪያ ቤት እውቅና ትምህርት የሚማር የመንግስት ሰራተኛ በየ ሴሚስቴሩ የፈተና ውጤት ለመስሪያ ቤት የሚያቀርብ ይሆናል፤ የፈተና ውጤት የማያቀርብ የመንግስት ሰራተኛ የሚጠይቀው የፈተና ፈቃድ ጥያቄ ተቀባይነት የለውም።

## አንቀፅ 51.ከደመወዝ ጋር ስለሚሰጥ ልዩ ፈቃድ

ማንኛውም የመንግስት ሰራተኛ፡-

1.ከፍርድ ቤት ወይም ከሌላ ሰልጣን ከተሰጠው አካል መጥሪያ ሲደርሰው የተጠራበት ጉዳይ እስኪያልቅ፣

2.በህዝባዊ ምርጫ ምርጫውን ለማገዝ የሚመደብ የመንግስት ሰራተኛ ወይም እጩ ተወዳዳሪ የመንግስት ሰራተኛ ከሆነ የኢትዮጵያ የምርጫ ቦርድ በሚያወጣው መመሪያ ይፈፀማል።

**ዓንቀፅ 52.ብዘይመሃያ ዝወሃብ ፍሉይ ፍቓድ**

1.ዝኾነ ሰራሕተኛ መንግስቲ ብብቑዕ ምኽንያት መሃያ ዘይኽፈሎ ፍሉይ ፍቓድ ንክውሃቦ እንተሓቲቱን ጥቕሚ እቲ ቤት ፅዮ ዘይጎድእ እንተኾይኑን ላዕለዋይ መራሒ ስራሕ ቤት ፅዮ ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ክፈቕደሉ ይኽእል፣

2.ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ ህዝባዊ መረፃ ተወዳዳሪ ኮይኑ እንትቐርብ ምልዕዓልን መረፃን ኣብ ዝካየደሉ ጊዜን ብዘይመሃያ ፍቓድ ይውሃቦ፣

3.ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወ እውን ሰራሕተኛ መንግስቲ በዓል ሓዳሩ ንዲፕሎማቲክ ስራሕ ኣብ ወፃኢ ሃገር እንተተመዲቡ ፍሉይ ፍቓድ ክውሃቦ ይኽእል።

**ክፍሊ ሓሙሽተ**

**ተወሳኺ ድጋፍ ዘድልዮም ክፉል ሕብረተሰብን ኩነታት ስራሕን**

**ዓንቀፅ 53.ንደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛ ዝህሉ ኩነታት ስራሕ**

